ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.53 | ቀዳም 31 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብመንጽር ሰነዳት ኢትዮጵያ

ገጽ 4
ኣርካን ሕረስታይ ሓሰን ሑሴን

ገጽ 5
ጽልዋ ክሳዕ መዓስ፡

ገጽ 10
ዛንታ ናይዛ ስእሊ

ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ካብ ኬንያ ተመሊሳ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዞባዊ ጉዳያትን ዝምድና ሩስያን ኣፍሪቃን ዘተኮረ ቃለ-መሕትት፡ ንቴለቪዥን RT ሂቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኩነታት ሱዳን፡ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ዝምድና ሩሲያን ኣፍሪቃን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ጉዳያትን ዘተኩረ ቃለ-መሕትት፡ ንቴለቪዥን 'ሩሲያ ቱደይ' (RT) ሂቡ።

ንኩነታት ሱዳን ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበሉ ሕቶ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሱዳን ውሽጣዊ ግጭት ከምዘየለ፣ እቲ ኩነታት ብደገፍ ናይ ግዳም ሓይልታት ዝኸሰር ዘሎ እምበር ናይ ህዝቢ ሱዳን ከምዘይኮነ ብምንጻር፡ እቲ ሕጂ ዘሎ መንግስቲ ከኣ ንሱዳን ናብ ዝሓሸ ምዕራፍ ንኽሰጋገር ሓላፍነት ዝተሰከመ ግዝያዊ መንግስቲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ናይ ግዳም ሓይልታት፡ ሰላምን ርግኣትን ኣፍሪቃ ንምዝራግ፡ ንጎይቶት ኩናት እናሓገዙ፡ ብጉልባብ ሃይማኖት፡ ቀቢላ፡ ብሄርን ካልእን ግጭት የሳውሩ ከምዘለዉን እዚ ደው ክብል ከምዘይኮነን ጸቒጡ ብምዝራብ፡ ኩነታት ቀይሕ ባሕሪ ብኽልቲኡ ሸነኽ ንዘዋስኖ ሃገራት ጥራይ ከምዝምልከት፣ እዘን ሃገራት ከኣ ጸጥታኡን ርግኣቱን ንምውሓስ ግቡእ ተራአን ክጻወታ ከምዝኾና፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣረዲኡ።

ኣብ ዞባዊ ጉዳያት፡ ብስም ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኦትን ዝኾኑ ምትእትታዋት ዕንቅፋት ይፈጥር ከምዘሎን "ደኣክል" ክበሃል ከምዝኾነን ብምጥቃስ፡ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም መሳርሒ ተጠቒምካ፡ ብጉልባብ ግጭት ዝኾነ ምትእትታዋት ጠንቂ ዝኾነ ዕንወት ይኸውን ስለዘሎ ክዕረ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ንዝምድና ሩሲያን ኣፍሪቃን ብዝምልከት፡ ሩሲያ ምስ ኣፍሪቃ ሽርክነታዊ ዝምድና ክትምስርትን ክትሕግዘን ሞራላዊ ግዴታኣን ሓላፍነታን ከምዝኾነ፣ እንተኾነ ኣፍሪቃ ንጸገማታ ዝኸውን ፍታሕ ካብ ወጻኢ ክመጽኣ ክትጽበ ከምዘይብላን መንግስታት ሸግራቶም ባዕሎም ክፈትሑ ከምዝኾነን ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣቐዲሙ ንግዕዘን ዜና 'ስፑትኒክ' ናይ ሩሲያ ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት፡ ምኽባር ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት መሰረታዊ ዓንድታት ኣህጉራዊ ሕግን ግሉባዊ ስርዓትን ከምዝኾኑ ገሊጹ'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ "ንሰላም፡ ጸጥታን ምዕባለን" ብዝብል ቴማ ብ28ን 29ን ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ሞስኮ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩሲያን ከምዝተሳተፈ ዝፍለጥ'ዩ።

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ትግባረ መደባት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ገምጊሙ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ትግባረ መደባት ናይ'ቲ ልዕሊ 6 ሽሕ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ መበል 28 ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዝገምገመ ኣኼባ፡ ብ27 ጥቅምቲ ኣብ መንደፈራ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ወፍሪ መምህር ፋኑኤል ጉዕም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ ወፍሪ ን336 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ 54 ምምሕዳራት ከበቢን 51 ነቑጣታትን ከምዝተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ ልዕሊ 655 ሽሕ ሜትሮ ቅናታዊ ዛላታት ክስራሕ ከሎ ልዕሊ 183 ሽሕ ሜትሮ ከምእተጸገነ፣ ከምኡ'ውን ልዕሊ 187 ሽሕ ፈልሲታት ኣግራብ ከምእተተኽለን ልዕሊ 267 ሽሕ ጎናጉዲ ንፈልሲታት ከምእተኾዕተን ኣብሪሁ።

በዚ ተመሃሮ 28 ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋፈሩሉ ስራሕ ዝተተኽለ ፈልሲታት፡ ልዕሊ 82 ሚእታዊት ቀላሚጦሱ፡ ጎጥሮን ዒቃን ከምዝጠቓልል፡ ብተወሳኺ ኣገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣወሃሃዲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት መምህር ፍትዊ ወልደገርግስ ብወገኑ፡ ዝተዓመ ስርሓት ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ወፍሪ ዘርእዩ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ወሃደት ዝምልከቶም ኣካላትን መሻርኽትን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ገምጋም ዝተሳተፉ ኣባላት መሻርኽቲ ሚኒስትሪታት፡ ማሕበራትን ኣካላት ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታትን ዝተተኽለ ፈልሲታት ግቡእ ሓለዋ ክግበረሉ፣ መደብራት ፈልሲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝዳለወሉ ባይታ ክጣጣሕ፣ ዘይምኽኑይ ብኩራት ተመሃሮ ንምግታእ ዕቱብ ስጉምቲ ክውሰድ፣ ከምኡ'ውን ኣከባብያዊ ንቕሓት ዘዕቢ ንጥፈታት ክካየድ ተላቢዮም።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣሙት ንገሰ ብወገና፡ መደብ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘለዎ ኣበርክቶ ብሰፊሑ ከምዝበርህ ጠቒሳ፡ ዝተዓመ ስራሕ ንኽዕቀብን ዝሓሸ ውጽኢት ንኽርከብን ነፍሲ-ወከፍ ኣካል ዚያዳ ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ክሰርሕ፣ ተመኩሮ ምግራብ ዘለዎም ዜጋታት ድማ ተመኩሮኦም ዘሕፍሉሉ ባይታ ክህሉ ተላቢያ።

ዜና

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ መደባት 2026/2027 ዘትዩ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብ26ን 27ን ጥቅምቲ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ፡ ዝምልከቶም መሻርኽትን ኣካላት ዝተረኽብሉ ኣኼባ፡ ንጥፈታት ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2026/2027 ዘትዩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ቲ ዞባ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናብ ኩሉ ንምብጻሕ ብዝተኻየደ ጻዕሪ ድሮ ምስ ከተማታት ናይ'ቲ ዞባ ዝሰነ ትምህርታዊ ኣገባብት ተኣታትዩ ዝምስገን ወጽኢት ይምዝገብ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ኣስታት 829 ትካላት ትምህርቲ ልዕሊ 85,000 ተመሃሮ ኣገልግሎት ከም ዝረኸቡ፣ ብተሳትፎ ኮምን ሓይልታት ምክልኻልን ድማ 225 ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ከምእተዋደዳ በሪሁ።

ሰኣሊ ደምሳስ ጸጋይ

ተሳታፍቲ ደቂኣንስትዮ ንምዕባይ ብዙሕ ተበጽሖታትን ምትብባዕን'ኳ ይግበር እንተሎ፡ ኣብ ገለ ንኡሳን ዞባታት ኣዝዩ ትሑት ብምህላዉ ሓያል ጻዕሪ ምምሕዳራትን ኣካላት ትምህርቲን ዘሓትት ምዃኑ'ውን ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዝገበርዎ ዘተ፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ሕጽረት መሳለጥያታት ትምህርቲ፣ ቀረብን ዓይነትን መምህራን፣ ከምኡ'ውን ብቕዓት ትምህርቲ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ንጥፈታት ክካየድ፣ ውሽጣዊ ስልጠናታት ድማ ክድፋኣሉ ተላበዩም።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ዞባ ምስ ዘለዎ ሰፊሓትን ቅርጺ መሬትን፡ ዝርጋሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ግዜን ወፍሪ ዝሓትት ምዃኑ ብምግላጽ፡

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ከይተሓለሉ ንዝዮጹ ዘለዉ መምህራን፡ ኣካላት ትምህርቲ፡ ምምሕዳራትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣመስጊና።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ብወገኖ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ብሚኒስትሪ ደረጃ ኣብ ዝትግበሩ መደባት ኣተኩሮ ተገይሩ ክሰራሕ ምዃኑ ኣፍሊጦ።

ሞልቀ - ኣስተዋጽኦ መደበር ጥዕና ማይ-ደጉዓለ ተናኢዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ እትርከብ መደበር ጥዕና ማይ-ደጉዓለ፡ ኣብ መሰረታዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብሓፈሻ፡ ኣብ ሽፈነ ክታብትን ክትትል ነፍሰጾራትን ድማ ብፍላይ ልዑል ኣስተዋጽኦ ትገብር ከም ዘላ ሰብሞያን ተገልገልትን ገሊጾም።

ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ነርስ ተኽለሃይማኖት ዕንቋይ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሽፈነ ክታብት 100 ሚእታዊት፣ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ ድማ 95 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ ኣረዲኡ።

ንቐሓት ኣደታት ኣብ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ እናበረኸ'ኳ ይመጽእ እንተሎ፡ ቀጽሪ ናይ'ተን ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓርሳ ነፍሰጾራት ግና 60 ሚእታዊት ጥራይ ምህላዉ ዝጠቐሰ ነርስ ተኽለሃይማኖት፡ ቀጽሪ ተገልገልቲ እናዓበየ ብምምጽኡን እታ መደበር ጥዕና ካብ ማእከል ጥዕና ርሑቕ ስለዘለዋን ኣምቡላንስ ክትምደበላ ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓደርትን ኣባላት ኮሚቲ ጥዕናን ብወገኖም፡ እታ መደበር ጥዕና ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብ ዝምስገን ተራ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ሕጽረታታ ክማልኣ ሓቲቶም።

መደበር ጥዕና ማይ-ደጉዓለ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ካብ ዘርከባ 5 ትካላት ጥዕና ኮይና፡ ካብ ሞልቀ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ 50 ኪሎሜትር ርሒቓ ትርከብ።

ዓዲቐይሕ - ኣብ ዝምድና ኣካረይትን ተኻረይትን ዘተኰረ ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ንኣካረይትን ተኻረይትን ኣብ ዘከራኽሩ ጉዳያትን ክፍትሑሉ ዝኽእሉ ኣገባባትን ዝዘተየ ርክብ፡ ብ23 ጥቅምቲ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ዘተ፡ ሸማግለ ዕርቂ ከምኡ'ውን ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ሓይሊ ዑናበር፡ ሃዳሙን ሕሽመለን፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ህዝቢ፡ ማሕበራት፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዓዲቐይሕ፡ ፖሊስን ካልኦት ኣካላትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣብ'ቲ ን/ዞባ ሓላፊ ክራይ ኣባይቲ ኣቶ ክፍለማርያም በርሀ፡ ኣብ ኣዋጃትን ሕጋጋትን ኣካራይን ተኻራይን፣ መሰረታውያን ግዴታታትን ግቡኣትን ኣካራይን ተኻራይን፣ መፍረሲ ውዕል ክራይን ኣካራይን፡ መቕጻዒ ሕግታት፡ ከምኡ'ውን ክርክራትን ኣተሓሕዝኦን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ካብ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዓዲቐይሕ ኣቶ ተስፋይ ካሕሳይ ብወገኑ፡ ኣካረይትን ተኻረይትን መምርሒታት ናይ ምትግባር መሰልን ግዴታን ከም ዘለዎም ብምግላጽ፡ ኣብ መስርሕ ዘለዉን ደው ዝበሉን ጉዳያት፡ ጉዳያት ወርሻን ወሃብቶን፡ ከምኡ'ውን ምሻጥን ምልዋጥን ዘተኰረ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ዓዲቐይሕ ተለንተ ኢያብ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ኣካራይን ተኻራይን ብስሩድ ዝኣሰር ስምምዕ ኣብ ግብሪ ክውዕል፣ ተኻራይቲ ብዘይ ስሩድ ዝኡበርዎ ውዕል ኣወጊዶም፡ ብዘወጹ ሕግታት ተቐዪዶም ክሰዱ፣ ኣብ ምፍታሕ ክርክራት ድማ ተራ ሸማግለ ዕርቂ ክዓዝዝ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብውዕል ተቐዪዱ ዝካረ ኣባይቲ ውሑድ ስለዝኾነ፡ ኩነታት ክራይ ኣባይቲ ምክትታል ክግበረሉ፣ ጸገና ኣመኽንዮም ንተኻረይቲ ዘውጽኡ ኣካረይቲ ምቁጽጻር ክግበረሎም፣ ተዓጸዩ ዘሎ ገዛውቲ ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕለሉ መንገዲ ክፍጠር፡ ከምኡ'ውን ንቕሓት ዘበርኹ ኣኼባታትን ኣስተምህሮታትን ብቐጻሊ ክወሃቡ መዘኻኸሪ ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ ብምውህሃድ መሻርኽቲ ዝተዋህበ ሓበሬታን መምርሒታትን ብጉቡእ ክሰርሓሉ ብምልባው፡ ውርጹጽ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ተዓጽዩ ዘሎ መንበሪን ትካላትን ተኸፊቱ ብሕጋዊ ውዕል ንተኻረይቲ ክወሃብ ተራ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ተማሕጺኑ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284

ዓንሰባ - ብሞያ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመሪቖም

ሃገማውተኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ብዝተፈላለየ ሞያታት ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 346 መንእሰያት፡ ብ25 ጥቅምቲ ኣብ ከረን ተመሪቖም።

እቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብጉዝበርን ክልሱ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምውዳድ ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ምዝርጋሕ መስመራት ኤሌክትሪክ፡ ግራፊክስን ቋንቋ እንግሊዝን ዝርከቦ 11 ዓውድታት ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ተገሊጹ።

ኣካያዲት መሰልጠኒ ማእከል 'ሻሎት' ወ/ሮ ሰናይት ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ መንእሰያት ሞያዊ ብቕዓቶም ብምዕባይ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንምግባሮም ምዃኑ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ዝርኣይዎ ተገዳስነት መጒሱ።

ሓላፊ ሃገማውተኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በርኸትኣብ ብወገኑ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ዜጋታት ምዕባይ ኣካል ህንጸት ሃገር ስለዝኾነ ማሕበር ብዘለዋ ክሰርሓሉ ከም ዝጸንሐ ብምሕባር፡ መንእሰያት ንዝቐሰምዎ ሞያ ብስራሕ ከዕብይዎ ኣዘኻኺሩ።

ማይ-ዓይኒ- ናይ ሓመድ ጽርግያ ብወፈራ ይጽገን

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ንምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ዝጸንሐ ናይ ሓመድ ጽርግያ ማይ-ዓይኒ - ኳዓቲት፡ ብወፈራታት ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ይጽገን ኣሎ።

ኑቲ መስመር ንምምሕያሽ ብዘወጸ መደብ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲን ግንባርን ከምኡ'ውን ተመሃሮን መምህራንን ተወፊዮም ኑቲ ዕማም የሰላስልዎ ከም ዘለዉ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ኑቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ መምህር ጺጋይ ተስፋኣለም፡ ኣብ'ቲ ማእቶታዊ ወፈራ 1,300 ተመሃሮን 24 መምህራንን ኣለይትን ከምእተሳተፉ ብምግላጽ፡ ኩሉ ዜጋ ኣብ ዝወሃቦ ስራሕ ብዝተወፋይነትን ትግሃትን ክዮጹ ኣዘኻኺሩ።

ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብመንጽር ሰነዳት ኢትዮጵያ

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብ28 ጥቅምቲ 2026 ተሓቲሙ ምስ ወጸ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ካብ ዘርከቡ ኣንበብቲ ብዙሕ ግብረመልሲ መጺኡና። ንእግረመገድም ክእረም ኣለዎ ዝበልዎ ናይ ዕለት ጌጋታት ስለዝሓበሩና ድማ ምስናይ ይቕረታን ምስጋናን እቲ ዝተፈጸመ ናይ ታይፕ ጌጋ ኣሪምና ደጊምና ከነውጽኦ መሪጽና።

ኣብ ታሪኽ ዓለምና፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ጎረቤት ሃገር ኣፍልጦ ዝሃበ፡ ብዙሕ ወግዓዊ ሰነዳት ዝፈረመት እንተላ ኢትዮጵያ ክትከውን ትኽእል'ያ - ዝያዳ መጽናዕቲ ይሓትት። ጉጅለ ኢትዮጵያ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብምቕባል ካብ ዝፈረሙዎ ሰነዳትን ዘሕለፉዎ ውሳነታትን ዝሃቡዎ መግለጺታትን እስከ ፍሩይ ኣብነታት ክንጠቕስ፥

1) ኤርትራ ከም ሃገር ቅድሚ ምቛማ፡ ወደብ ባጽዕ ኣብ ትሕቲ ግብጺ እንከላ፡ ንጉሰ ኣቢሲንያ ሃጼ ዮሃንስ 4ይ፣ ንግዳዊ ኣቕሑን ኣጽዋርን ብወደብ ባጽዕ ክእቱ፡ ምስ ብሪጣንያ ብ3 ሰነ 1884፡ 'ውዕል ሀወት' ተባሂሉ ዝፍለጥ ሰነድ ፈሪሙ። ባጽዕ ናይ ኣቢሲንያ ከምዘይኮነት ዘመልክት ሰነድ።

2) ብ25 መጋቢት 1889 ሃጼ ምኒሊክ ንጉሰ ነገስት ኣቢሲንያ ምኳኑ ኣዊጁ። ድሕሪ ወርሒን ሰሙንን ብ2 ግንቦት 1889 ከኣ፡ ከበሳን ገማግም ባሕርን ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ግዝኣት ኢጣልያ ምኳኑ ብምቕባል "ውዕል ውጫለ" ክቲሙ።

3) 26 ጥቅምቲ 1896 - ድሕሪ ውግእ ዓድዋ፥ ምኒሊክ ከቢሮ መረብ-በለሳ-መና ዘሎ መሬትን ባሕርን ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ግዝኣት ኢጣልያ ምኳኑ ዝቕበል ንውዕል ውጫለ ዝተክአ "ውዕል ኣዲስ ኣበባ" ፈሪሙ።

4) 10 ሓምለ 1900፥ መረብ-በለሳ-መና ዶብ ኢጣልያዊ ግዝኣት ኤርትራን ኣቢሲንያን ምኳኑ ዘጽርር ካልኣይ ሰነድ ተፈሪሙ።

5) 15 ግንቦት 1902፥ ኣብ መንጎ'ታ ግዝኣት ብሪጣንያ ዝነበረት ሱዳን፡ ግዝኣት ጣልያን ኤርትራን ግዝኣት ምኒሊክ ኣቢሲንያን ዘሎ ዶብ (ዶብ ምዕራብ ኤርትራ) ዘጽርር ውዕል ተፈሪሙ።

6) 16 ግንቦት 1908፥ ብምብራቕ ኣብ መንጽር ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ነዊሕ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሳብ ግዝኣት ፈረንሳዊት ሶማሊላንድ (ጅቡቲ) ዘጽርር ሰነድ፡ ኣብ መንጎ ምኒሊክን ጣልያንን ተፈሪሙ።

7) 2 ታሕሳስ 1950፥ ሕቡራት ሃገራት ብውሳነ 390 (A)V ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ወሲኑ። እዚ ውሳነ'ዚ፥ እቲ ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምዘለዎ ዕቑብ ምኳኑ ዘጽርር ኮይኑ፡ ኢትዮጵያ ተቐቢላ ፈሪማትሉ።

8) 11 ነሓሰ 1952፥ ሃጼ ሃይለስላሰ ብባይቶ ኤርትራ ዝጸደቐ ህገ መንግስቲ (ቅዋም) ኤርትራ ብወግዒ ተቐቢሉ ፈሪሙሉ። እቲ ቅዋም፡ ኤርትራ ነቲ ብመግዛእቲ ዝተሓንጸጸ ዶባታ ሓልያ፡ ምስ ኢትዮጵያ ብውዕል ፌደረሽን እትነብር፡ ርእሰ ምምሕዳራዊት ኣካል ምኻና ዘጽርር እዩ።

9) 14 ሕዳር 1962፥ ባይቶ ኤርትራ ንፌደረሽን ከፍርሶ ድሕሪ ምስግዳዱ፡ ሃጼ ሃይለስላሰ፡ እታ ግዝኣት ጣልያን ዝነበረት ኤርትራ፡ መበል 14 ክፍለ ሃገር ኢትዮጵያ ክትከውን ወሲኑ። ዶባታ ግን ከይተተንከፈ ከምዘለዎ ተዓቂቡ ከምዝቕጽል ገይሩ።

10) 16 ግንቦት 1976፥ ስርዓት ደርጊ፡ ኤርትራ እቲ ፍሉጥ መግዛእታዊ ዶባታ ተሓልዩ፡ መሰል ርእሰ ምምሕዳር ክወሃባ (ራስ ገዝ) 9 ነጥቢታት ዝሓዘ ብሰውራ ኤርትራ ተቐባልነት ዘይረኸበ እማመ ሰላም ኣቕሪቡ።

11) 27 ሚያዝያ 1993፥ ውጽኢት ረፈረንዱም ምስ ተኣወጀ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ረፈረንደም ቅኑዕን ፍትሓውን ምኳኑ ብምእማን ከምዝቕበሎ ኣፍሊጡ።

12) 4 ግንቦት 1993፥ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡ ብመሰረት ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶባታ፡ ኣፍልጦ ከም ዝሃቦ ወግዓዊ መግለጺ ኣውጺኡ።

13) 30 ሓምለ 1993፥ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያን ስምምዕ ሰላምን ምትሕብባርን ኣዲስ ኣበባ ተፈሪሙ።

14) 12 ታሕሳስ 2000፥ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት 1900፣ 1902፣ 1908፣ ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ክወሃቦን ዳግም ክሕንጸጽን ከምልከትን ስምምዕ ኣልጀርስ ፈሪሙ።

15) 13 ሚያዝያ 2002፥ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብይኑ ሂቡ። ብኡ ንብኡ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ፡ ሃገሩ ከም ዝተዓወተትን ነቲ ብይን ብሓንሳስ ከም እትቕበሎን ብምዕላናት ዜና ሃገሩ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለምን ኣፍሊጡ።

16) 4 ሕዳር 2004፥ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንብይን ኮምሽን ዶብ ኺጊዎ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ነቲ ውሳነ ብመትከል ከም እትቕበሎ ብወግዒ ኣፍሊጡ፣ ትግባረኡ ንምስላጥ ድማ ብዓል 5 ነጥቢ እማመ ኣቕሪቡ።

17) ሕዳር 2007፥ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ነቲ ልዕሊ 1000 ኪ.ሜ. ዝነውሓቱ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዮግዞ ምምልካት፡ ብጂኦግራፊያዊ መራኸቢ ነጥቢታት (Coordinates) እንተላይ ኣዕሩድ ዝትከሉሉ ደቂቕ ዝርዝራት ኣካቲቱ 45 ካርታታት ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣረኪቡዎ። ንመንግስቲ ኤርትራን ሕቡራት ሃገራትን እውን ብተመሳሳሊ።

18) 9 ሓምለ 2018፥ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣቢይ ኣሕመድ፡ ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ከም እትቕበሎ ዘጽርር "ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኣስመራ" ክቲሙ።

19) 2 ሕዳር 2022፥ ውዕል ፕሪቶርያ፡ ዓንቀጽ 8፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዶብ ሰራዊት ናይ ምስፋርን ዶብ ናይ ምሕላውን ሓላፍነት ዘለዎ፡ ፌደራላዊ መንግስቲ ጥራይ ምኳኑ ኣነጺሩ። እዚ ዓንቀጽ'ዚ ኣብቲ ውዕል ዝኣተወሉ ምኽንያት፡ ውዕል ኣልጀርስ ተፈጻምነት ንክህልዎን ህውሓት ንኸይዕንቅጾን ተባሂሉ እዩ።

ካልእ ዝርዝራት እውን ምውሳኽ ምተኻእለ። ኩሉ'ዚ ሰነዳት'ዚ ኣብ ኩብሊ.ቤት መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣብ ኩሉ ህዝባዊ መወከሲታትን ዝርከብ እዩ። ጉጅለ ኢትዮጵያ እምበኣር፡ ንልዕሊ 100 ዓመት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝቕበል ብዙሕ ሰነዳት እናፈረመ እዩም መጺኡ። እቲ ጸገም ዝፈረሙዎ ዘኾኑብሩን ተተመሊሶም ዝኽሕዱን ምኳኖም እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ዜና

ሃገራዊ ባንክ ደም፡ መጠን ልግሲ ዕብየት ከምዘርኣየ ገሊጹ

ኣብ ዝሓለፈ 9 ኣዋርሕ ዝተለገሰ ደም፡ ምስ ናይ 2025 ተመሳሲሉ ግዜ ክጸጸር ከሎ ናይ 33 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘርኣየ፡ መዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ባንክ ደም ዶ/ር የውሃንስ ተኸስተ ገሊጹ።

ሃገራዊ ባንክ ደም ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ ሳላ ዘካየዶ ጻዕሪ ካብ ጥሪ ክሳብ መስከረም ልዕሊ 12 ሽሕ ከረጺት ደም ከምእተኣከበ ብምጥቃስ፡ ወርሓዊ ብኣማኢት ናይ 6.6 ወሰኽ ከምእተመዝገበ ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣዋርሕ ተለጊሱ ዘድሊ መርመራታት ካብ ዝተገበረሉ 12,531 ከረጺት ደም፡ 38 ሚእታዊት ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ 12 ሚእታዊት ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሰምበል፡ 10 ሚእታዊት ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበት፡ ካብ 3.3 ክሳብ 6.3 ሚእታዊት ድማ ንዞባውያን መወከሲ ሆስፒታላት ባጽዕ፡ መንደፈራን ከረንን ከምእተዓደለ ኣብሪሁ።

ተዓጢቑ ብዘሎ ብቑዕ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ዝለገስ ደም ኩሉ ዓይነት መርመራታት ከምዝካየደሉ ዝሓበረ ዶ/ር የውሃንስ፡ ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ኣዋርሕ መጠን መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. 0.02 ሚእታዊት፡ ወደቦ 'ቢ' 0.27 ሚእታዊት፡ ወደቦ 'ሲ' 0.1 ሚእታዊት፡ ፍንጣጣ ድማ 0.007 ሚእታዊት ከምዝነበረ'ውን ገሊጹ።

ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ፡ ኣብ 2025 ኣስታት 74 ሚእታዊት፣ ኣብ 2026 ድማ 81 ሚእታዊት ጠለብ ውሑስ ደም ናይተን ኣብ መላእ ሃገር ዝርከባ ሆስፒታላት ከምዝሸፈነ ሰነዳቱ የረድኡ።

ዶ/ር የውሃንስ ኣብ መወዳእታ፡ መደባት ሃገራዊ ባንክ ደምን ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን ንምዕዋት፡ መራኸቢ ብዙሃን ሃገርና ከም'ኡ'ውን ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ንዘበርክትዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ።

ሎጎ-ዓንሰባ - ንስድራ ስውኣት ደገፍ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ብዘዋጽእዎ 410 ሽሕ ናቕፋ፡ 99 ስድራ ስውኣት ብዓይነት ተጠቒሞን።

ካብ'ቲ ገንዘብ፡ እቲ ኣስታት 305 ሽሕ ናቕፋ ብበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሊባን፡ ሓቦላ፡ ቀርናሹዶ፡ ዴዳ፡ ጽላሉ፡ መቓርካ፡ ደብራዓዲሓንስ፡ ደቂ-ሽሓይ፡ ኣደና፡ ምሉዛናይ፡ ዓዲ-ነኣምን፡ ደቂዛርኡን ደርስዩን፣ እቲ 105 ሽሕ ናቕፋ ድማ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተዋጽአ'ዩ።

እቲ ገንዘብ ካብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተለለያ ስድራ ስውኣት ከምእተመቓርሐ፡ ኣመሓደርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ገሊጾም።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ብርሃ ጸጋይ፡ ንስድራ ስውኣት ምሕጋዝ ንመንግስቲ ጥራይ ከይተገድፈ፡ ህዝቢ ዓመት መጸ ኣብ ማሕረስ፡ ምእካብ ምህርቲን ምስራሕ ገዛውትን ከምዝተሓጋገዞም ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ድማ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝዋጻእ ደገፍ ነተን ስድራቤታት ብጥረ ገንዘብ ይወሃብ ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ውጽኢቱ ኣድማዒ ከምዝይኮነ ስለዝተገምገመ፡ ሎሚ ዓመት ኮሚቲታት ተዋጺኦን ብዓይነት ናይ ምጥያስ መደብ ከምእተተግበረ ሓቢሩ።

ኣቑርደት - ኣብ ምድላው መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዘተኮረ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣቑርደት፡ ብኣብያተ-ጽሕፈት ሃማደኤን ሕርሻን ዝተወደበ፡ ኣብ ምድላው መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዘተኮረ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ 20 ክሳብ 25 ጥቅምቲ ብክኢላታት ዕብየት ናብራ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኣ 24 ኣደታት ተሳቲፈን።

ኣሰልጠንቲ ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ ሙብዝሕትኣን ኣደታት ስኣን እኹል ኣፍልጦ ንስድራቤተን ብሓፈሻ ንህጻናት ደቀን ድማ ብፍላይ ዝምጥን መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ኩዳልዋ ከምዘጸግማ ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ካብ ዘለወን ትሕዝቶ ብዝቐለለ ኣገባብ ከምዝዳልዋ ከምዘሕግዘን ገሊጸን።

ኣባል ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ሓሲና ዑመር ብወገና፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ሞያዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ንምዕባይ ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ቀረብ መኣዛዊ መግቢ ስድራቤታት ኣብ ምውሓስ ዓቢ ተራ ከምዝህልዎ ሓቢራ።

እምኒሓይሊ - ውድድራት ባህልን ስፖርትን ተመሃሮ፡ መሰረት ውህደት ኩይኑ ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝካየድ ውድድራት ባህልን ስፖርትን፡ ኣብ ብቕዓትን ውህደትን ተመሃሮ ዓቢ እጃም ከምዘለዎ፡ ብ24 ጥቅምቲ ኣብ ዝተገበረ ገምጋም ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ካብ 29 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ርእሳነ-መምህራን፡ ሓለፍቲ ምምሕዳርን ፋይናንስን ከም'ኡ'ውን ተወከልቲ ባህልን ስፖርትን ዝተረኸቡሉ ገምጋም፡ ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ተኸስተ ሃብቱ፡ እቲ ብብደረጃኡ ዝካየድ ውድድራት፡ ተመሃሮ ዝንባለኦም ከለልዩን ብቕዓቶም ከንጸብርቑን ዝሕግዝ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

መምህር ተኸስተ ቀጺሉ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ንዝነበረ ድኻምትን ብልጫታትን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብያተ-ትምህርትን መምህራንን ምስ ተመሃሮኦም ብውህደት ብምስራሕ፡ ውጽኢቶም ከመሓይሹ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋይ ተኸስተ ድማ፡ ዕላማ ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ተመሃሮ ምህናጽ ከምዝኾነ ብምዝኽኻር፡ መምህራን ዓቕምን ዝንባለን ተመሃሮ ኣብ ምልላይን ሓገዝ ኣብ ምግባርን ብዕቱብ ክሰርሑ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዝትግበር መደባት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ብምዝታይ፡ ንምምዕባሉ ዝሕግዝ ተወሰኽቲ ሓሳባት ኣቕሪቦም።

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

ኣርካን ሓረስታይ ሓሰን ሑሴን

ዛንታ ብድሆታትን ዓወትን

ቀዳማይ ክፋል

ኣቶ ሓሰን ሑሴን

ብድሕሪ ባይታኻ ክንጅምር፧

ሓሰን ሑሴን ዑመረዲን እበሃል። ካብ ኣቦይ ሑሴን ዑመረዲን፡ ኣደይ እሙን ጣሃ፡ ብ1960 ኣብ ዓድና ዓዲ ድራር ዓይኒ፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ተወሊደ፣ ዓብየ። ኣነ ካብቶም ሓንቲ ጓል እትርከበና ዓሰርተው-ሓደ ኣሕዋት፡ ሻዱሻይ መትሎ'የ። ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓዲ ዓንዴል ኣሃዱ ኢለ ጀሚረ። እንተኾነ ኣብ ትምህርቲ ኣይነፋዕኩን፣ ካብ መባእታ ክሰግር ኣይከኣልኩን። ንዕኡ ኣቋሪጸ ድማ'የ ንነዊሕ ዓመታት ናብ ስራሕ ንግዲ ተዋፊረ። እዚ ድማ ርእሱ ዝኸኣለ ዛንታ ኣሎዎ።

ሕራይ ናብ ሕርሻዊ ንግዲ ብከመይ ኢኻ ኣቲኻ፧

ኣብ 2000፡ ኣዝዩ ዕዉት ዝኾነን ክሳዕ ኣስመራ ዝሸይጥን ትካል መፍረ መግቢ እንስሳ'ውን ገይረ ነይረ። ብስም ብዓልቲ ቤተይ፡ ስዕዲ ሰዒድ እየ ከፊተዮ። እዚ'ውን ምስ ኮነታት ቀረባት ደው ኢሉ'ዩ ዘሎ።

ናብ ዘመናዊ ትካል ጥሙር ሕርሻ መኣሰን ብኸመይን ኢኻ ኣቲኻ፧ ዝርዝር መብርሂ ክትህበና ...

እዚ ዘመናዊ ትካል ሕርሻ፡ ትካል ምርባሕን ምስባሕን ጥሙር ሕርሻ፡ ሸኻ ዳዕሮ ዓዲ ድራር ዓይኒ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብ2005 ኣብዚ ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ምምሕዳር ከባቢ ሸኻ እያሙ ተመስሪቱ። እዚ ትካል ከበግሶ ከለኹ፡ ኣብዚ ቦታ ወዲ ዓዲ ስለ ዝኾንኩ፡ ናብ ኣመሓደርቲ ከይደ ምስ ሓተትኩ፣ ብዘይ ወዓል ሕደር፡ ብታሕጓስ ሂቦምኒ። ተደኩኑሉ ዘሎ ስፍሓት መሬት 4.25 ሄክታር ይበጽሕ። ክብገስ ከሎ ብምርባሕ እንስሳ'ዩ ተበጊሱ። ሕጂ ብዝያዳ ኣብ መፍረ ደርሁ ይነጥፍ ኣሎ። ክጅምሮ ከለኹ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበረኒ፡ ልቓሕ ካብ መንግስቲ (ባንክ) ሓቲተ፡ ተፈቒዱለይ። ብሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ ፈሊመ ክሳዕ 4 ሚልዮን ናቕፋ ዝተለቃሕክሉ ግዜ ነይሩ'ዩ። ስለዚ ኣበጋግሳ ናይዚ ትካል፡ ብለቓሕ'ዩ ክብል እኽእል።

እዚ ዘመናዊ ትካል ሕርሻ ንኸተበግስ ዝጸልወካ ኣካል ወይ ኩነታት እንታይ ነይሩ፧

ብቐንዱ እቲ እዋን ኣተባባዒ'ዩ ነይሩ። መንግስቲ ወፍሪ ዝኣወጀሉን፡ ሰፋሕቲ ናይ ህንጻታት፡ ዲጋታትን ካልእን ወፍርታት ዝበጋገሰሉ ዝነበረ እዋን'ዩ ነይሩ። እዚ ነቲ ድሮ ኣበጊሰዮ ዝነበርኩ ናይ ሕርሻዊ ንግዲ መንፈሰይ ኣበራቢርዎ። ኣብ ርእሲኡ፡ ወዲ ሓረስታይ ምንባረይን ስድራይ ረባሕቲ ሕርሻ ምንባሮምን እውን ኣብ ሕርሻ ገለ ፍሉይ ነገር ንኽሓስብ ድርኺት ፈጢሩለይ'ዩ። ስለዚ፡ ነቲ ኣብ ንእስነተይ ብጽቡቕ ዝፈልጦ ሕርሻ፡ ብዘመናዊ መገዲ ተጠቒመ ክረብሓሉ እኽእል'የ ዝብል እምነት ከሕድር ንቡር'ዩ። ካልእ'ውን ኣብ ላዕሊ ከም ዝጠቐስክዎ፡ እቲ ዝነበረኒ ናይ ዋኒን ትካላት፡ ትካል ሕብስቲ፡ መፍረ መግቢ እንስሳን ምስ'ቲ ዝነበረ ናይ ኩናት ሃዋህው፡ ቀረብ ጥረ-ነገር፡ ስርናይ እናጎደለ ስለ ዝኸደ፡ ብኡ መንጽር መስርሕ ንግዲ'ውን ብኸቢድ ተጸልዩ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ እዋን ከም ኣካል ናይ'ቲ መንግስቲ ንወፍሪ ልምዓት ዘተባብዓሉ ዝነበረ፡ ምምስራት ማሕበራትን ተራድኦታትን፡ ከም ዞባ ደቡብ ማሕበር ተራድኦ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ዝነበረሉ ብምኻኑ ቀሊል ዘይኮነ ድርኺት ገይሩለይ ክብል እኽእል። ኣብ ትካል መፍረ መግቢ እንስሳ ብዙሓት ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብትን መፍረ ደርሁን ዝነጥፉ ዓማዊል ስለ ዝነበሩኒ፡ ብዛዕባ ዘመናዊ ሕርሻ እኹል መጽናዕቲ ክገብር ሓጊዙኒ'ዩ። ስለዚ፡ እዝን ካልእን ተደማሚሩ ነዚ ዘመናዊ ትካል ሕርሻ ክምስርት ድርኺት ፈጢሩለይ።

ትካል ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ መዓስን ብኸመይን ኣበጊስካዮ፧

ኣብ 2005፡ ምስቲ ዝነበረኒ ትካል መፍረ መግቢ እንስሳ፡ ብወኒ'የ ኣበጊሰዮ። ኣብቲ እዋን፡ ናብ ሓጋዝ ከይደ፡ 25 ሓራሳት ናይ ባርካ ከብቲ ገዚአ፣ ኣሃዱ ኢለ ፈሊመዮ። እንተኾነ ብዙሕ ከይቀጸለ፡ ኣብ ምሕላብ ናይ ዓቕሚ ሰብ ጸገም ተፈጢሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ግዜ ሕልባ፡ ብውሑዱ ምራኽ ዝሕዘልካ ሰብ ትደሊ ኢኻ። ብሰንኩ ኣሳልጦ ዘይብሉ ኹይኑ። ኣብ ካልኦት ተመሳሳሊ መፍረ ከብቲ ዘሎዎም ከይደ ምስ ረኣኹ፡ ካልእ ኮይኑ ጸኒሑኒ። እተን ከብቶም ጎባይ ዝኾና፡ ዝተሓዙ ምራኹት ስለ ዘይብለን፡ ሓላባይ ሓሊቡ ጸባኡ ሒዙ ክኸይድ ኣይጽገምን። ኣብ ምህርቲ ጸባ'ውን ሰማይን ምድርን ... እተን ናይ ባርካ ከብቲ፡ ካብ 3-4 ሊትሮ ኣብ ሓደ ረፍዲ ክሕለባ እንከለዋ፡ እተን ጎባይ ግን ኣብ ሓደ ረፋድ ክሳዕ ትሽዓተ፡ ምሸት ከኣ ብውሕዱ ሓንቲ ክሳዕ ሸሞንተ ሊትሮ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ትሕለብ። ስለዚ ከምዚኣተን ዓይነት ከብቲ ክገብር ኣለኒ ብምባል፡ ክልተ ከብቲ ገዚአ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ረኺበለን። ነተን ናይ ባርካ ከብቲ ሸይጠ፡ ብሕሳብ 20 ሽሕ፡ 16 ጎባይ ከብቲ ገዚአ።

ንቐጽል፧

ምህርቲ ጸባ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ጥራይ ክሃልኽ ስለ ዘይክእል፡ ኣብ መንደፈራ ንማሕበር ኣፍረይቲ ጸባ ነረክቦ ኔርና። ማሕበር ድማ ምስ ናይ ካልኦት ኣኪቡ፡ ካብ መንደፈራ ሓሊፉ፡ ናብ ዞባ ማእከል፡ ኣስመራ ይልእኽ ነይሩ። ስለዚ ዕዳጋና ክሳብ ኣስመራ ይዝርጋሕ ነይሩ ማለት'ዩ።

ቀንዲ ናብ ከምዚ ዝበለ ዓወት ክንጥረካ ዝኸኣለ እንታይ'ዩ ትብል፧

ቀረብ መግቢ'ዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ መፍረ መግቢ እንስሳ ትካለይ፡ እኹል ቦታ ስለ ዝነበረኒ፡ ከም ኣልፋኣልፋ፡ ዕፉን፡ ወዘተ. ኣኺሉ ዝተርፈኒ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ኣልምዕ ነይረ። መግቢ፡ ኣብ እንስሳ ወሳኒ እዩ፡ እኹል መግቢ ምስ እትምግብ፡ እኹል ምህርቲ ትሓፍስ። ካብ ተመኩሮይ፡ ጽልዋ መግቢ ብሕልፊ ኣብዘን ጉባይ፡ ካልእ ነገር'ዩ። ሽው ንሽው ኢኻ ውጽኢት ትርእየሉ። ሓንቲ ላም ምስ ሓረሰት፡ እኹል መግቢ ምስ እትምገብ፡ ኣብ ክልተ ወርሓ ስራ ተልዕል'ሞ፡ ምልኣ ትሕዝ። ምልኣ ከለዋ ትሕለብ፡ መግቢ ክሳብ ዘይጎደላ ድማ ክሳዕ ትወልድ ክትሕለብ ትኽእል። ንኽትወልድ ክልተ ወርሒ ክተርፋ እንከሎ ኢኻ ከይትደኽመካ ምሕላብ ተቋርጽ። ስለዚ፡ ኣነ ነዚ ብዝግባእ ስለ ዝመዝመዝክዎ፡ ከም ቀንዲ ምስጢር ዓወተይ ገይረ እየ ዝገልጾ።

ናብ ምዕባለታት ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ንቐጽል፧

ንዝተወሰነ ግዜ ጽቡቕ ምስ ከድኩ፡ ድሕሪ 20 ዓመታት፡ ጉዳይ መግቢ እንስሳ ብኸቢድ ክጸልወኒ ጀሚሩ። ምስ ዝነበረ ውሁብ ኩነታት፡ ምእታው ጥረ-ነገር መግቢ እንስሳ ደው ኢሉ። ብኡ መንጽር ከኣ ምህርቲ ጸባ እናንቈልቈለ መጺኡ። ብተወሳኺ፡ እቲ ዝነበረ ኩነታት፡ ናብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዘወር ኢልካ፡ መሸላ ንኽትሽምት ዘፍቅድ ኣይነበረን። ብሰንኪ ሕጽረት መግቢ ድማ ቁጽሪ ናይ'ተን ከብቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ከንቈልቊል ጀሚሩ።

እሞ ከመይ በዲህካዮ፧

ካብ መንግስቲ ካብ ባንክ ዝተለቃሕክዎ ዕዳ ነይሩኒ። ስራሕ ጽቡቕ ኣብ ዝነበረሉ፡ ክንድ'ቲ ይፍለጠኒ ኣይነበረን፡ ኣብ እዋኑ'የ ዝኸፍል ነይረ። መግቢ እንስሳ ክሰኣን ምስ ጀመረ ግን እቲ ዕዳ፡ ወለዱን ርእሰ-ማሉን ተዋህሊሉ ሃሰዩኒ። እተን ከብቲ ድማ በብቑሩብ እናጐደላ መጺኣን። ኣብ መወዳእታኡ ነተን ዝተረፋ ከብትን ካልእ ዝነበረኒ ንብረትን ሸይጠ ዕዳይ ከፊለ ምስ ወዳእኩ፡ ምስ ከብቲ ዝተኣሳሰር ነገር ዳርጋ ገዲፈዮ።

ብድሕሪኡ ናበይ ኣቢልካ፧

ኮፍ የለን። ናብ ካልእ ሓርኰትኵት ኣትየ። ዝነበረኒ መሬት ከልምዕ ጀሚረ። እኹል ምንጪ ማይ ስለ ዝነበረኒ፡ እተፈላለዩ ኣሕምልቲ፡ ዘራእትን ፍረታትን ብመጠኑ እናዘራእኩ ክነጥፍ ጀሚረ።

ምንጪ ማይ ካበይ ትረክብ ኔርካ፧

ሓንቲ ድሪል 60 ሜትሮ እተኹዕተትን 4 ዒላታትን ነይሩኒ። ካብኡ'የ ዝጥቀም።

ይቕጽል

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ቁ.8
ሓምለ 2026

ቴክኖሎጂ ሕርሻ

ኖርወይ፡ ምፍራይ ቀልጢፈን ዝጐብዛ ደርሁ ከተቋርጽ ወሲና

ኢንዱስትሪ መፍረ ደርሁ ኖርወይ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ኩሎም ኣፍረይቲ ደርሁ፡ ኣብ ውሽጢ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ፡ ጎቢዘን ኣብ መዓላ ዝውዕላ ናይ ስጋ ደርሁ (Fast-Growing Broilers) ምፍራይ ደው ክብሉ፡ ከምኡ ድማ ተባዕትዮ ዘበሉ ጨቓዊት ፈሊኻ ናይ ምቕታል ተግባራት ከቋርጽዎ ዘገድድ ሓድሽ ፖሊሲ ኣርቂቑ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ። ብመሰረት እቲ ሓድሽ ፖሊሲ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከባ ኩለን ናይ ስጋ ደርሁ፡ ካብ 31 ታሕሳስ 2027 ንደሓር ምሉእ ብምሉእ ክውገዳ እየን። በዚ ድማ፡ ኖርወይ ብደረጃ ዓለም ነዘን ንስጋ ዘገልግላ - ቀልጢፈን ዝኣኽላ ደርሁ ምፍራይ ጠቕሊላ ደው ዘበለት ቀዳመይቲ ሃገር ክትከውን ምኳና፡ እቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ‘Agro-review’ ዝሰፈረ ሓበሬታ የመልክት። ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ኖርወይ ካብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ንደሓር ተግባራዊ ዝኸውን ካልእ መደብ'ውን ኣዳልያ ኣላ። ንሱ ድማ፡ ኣፍረይቲ ደርሁ፡ ጨቓዊት ገና ከይነቕሑ (ኣብ ውሽጢ እንቋቝሖ እንከለዉ) ጾታኦም ብልክዕ ኣለልዩ ዝሕብር ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ከተኣታትዉ ዘገድድ እዩ። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ'ቶም ኣፍረይቲ ደርሁ ብሰፊሑ ዝርአ ዘሎ - ነቶም ተባዕትዮ ዘበሉ ጨቓዊት ጥራሕ እናፈለኻ ናይ ምቕታል ተግባራት ዘወግድ፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንኩነታት ድሕነት እቶም እንስሳታት ዘመሓይሽ ምኳኑ፡ ሰብ መዚ ሕርሻ እታ ሃገር ገሊጾም። እቲ ተዳልዩ ዘሎ ሓድሽ ፖሊሲ፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከባ ልዕሊ 70 ሚልዮን ደርሁ ክጸሉ ምኳኑ ድማ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ይጠቅስ። እዘን ከም ‘Ross 308’ ዝኣመሰላ፡ ምስ ተጫጭሓ ኣብ ውሽጢ 35-49 መዓልትታት ጎቢዘን ንኽሕረዳ ናብ ዕዳጋ ዝቐርባ ዓሌታት ደርሁ፡ ብቐጻሊ ብእተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ክሳቐያ ስለ ዝረኣያ እየን ኣብ ኖርወይ ካብ መፍረ ደው ክብላ ተወሲኑለን ዘሎ - ብመሰረት እቲ ሓበሬታ።
https://agroreview.com/en/top-news/norway-become-the-first-country/

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ጽልዋ ክሳዕ መዓስ፧

ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኮለጅ ዝኣተው ውላድ ነይሩኒ፡ እንተኾነ ቊሩብ ክምክት ኣይከኣለን፣ ካብ ኮለጅ ተሰጉጉ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ሃሎ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ፧

ኣማኻሪ፥ መርሓባ፡ እወ፡ ብሃማመተኤ እናተዳለወ ዝቐርብ፡ መልሲ ኣብ መስመር ዝዋሃበሉ ኣገልግሎት ደዊልኪ ኣለኺ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ከምኡ መበልየይ ክልተ መዓልቲ ደዊለ ስለ ዝሰኣንክኹም ተጠራጢረ'የ። ቁጽሪ ስልክኹም ካብ ዓምዲ ሕቶ ሽባብ'የ ክረኽባ ክኢለ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ጽቡቕ፡ ስምክን ኣድራሻኽንዶ ክትነግርና፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ስመይ ሄለን እበሃል። ካብ ኣስመራ'የ። ዘደወልኩ ምኽንያት ከኣ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኮለጅ ዝኣተወ ውላድ ነይሩኒ፡ እንተኾነ ቊሩብ ስለ ዝሓመቐ ክምክት ኣይከኣለን። ንኣይ ዝገርመኒ ዘሎ፡ ካብ ኮለጅ ብሕመቑ ዘይኮነ፡ ብጽልዋ መማህርቱ ዘጋጠመ ምኳኑ እዩ። እቲ ጽልዋ መዘና ዝብልዎ ክሳዕ መኣስ ከም ዘጋጥምን እዩ ሓርቢቱኒ።

ኣማኻሪ፥ ኩነታት ኣተዓባብይኡ ከመይ ይመስል፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ጽቡቕ መነባብሮ ካብ ዘለዎም ስድራ እዩ ተወሊዱ። ናጽነትን ድላይካ ግበርን እናተባህለ፡ ደረጃ ትምህርቱ ብጽቡቕ ዛዚሙ። ናይ ዲግሪ ነጥቢ ረኺቡ ከኣ ኮለጅ ዓዲ ቀይሕ ኣትዩ።

ኣማኻሪ፥ ድላይካ ግበር እናተባህለ ምባልኪ፡ እንታይ ማለትኪ'ዩ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ምዕባዩ ክልተ፡ ሓደ ምንኣሱ'ውን ስለ ዘለዉኒ፡ ነእኦም ክብል ነብሶም ፈሊጦም ክሳዕ ዝጉብዙ፡ ካልእ ናይ ደገ ስራሕ ከይዓመምኩ እየ ኣሕሊፈዮ። እዚ ድላዮም ክረኽቡን ብናጽነት ክንቀሳቐሱን ዝገበርክዎ እዩ። ካብ ትእዛዝ ወለዶም ወጻኢ ከም ዘደለይዎ ክኸዱን፡ ናትና ግደ ዝነበሮ ቅዲ ኣተዓባብያ እዮም ዝኸተሉ ነይሮም።

ኣማኻሪ፡ ምስቶም ምዕባዩ ኣርኣያነቱ ከመይ ነይሩ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ወላዲተይ! ካብ ስድራ 'ሓደ፡ ዝሩግ ዕሸር ኣሎ' ትብል ነይራ። ናይዚ ወደይ ከኣ ከምኡ ከይከውን የስግኣኒ ኣሎ። እተን ምዕባዩ ንፉዓት ኣብነታውያን ኮይነን፡ ዝተመረቓ እየን።

ኣማኻሪ፥ ምስ መዛንኡ ዝነበሮ ርክብከ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ካባይ ብዙሕ ርሒቑም፡ ምስ መሰታኦም ብዙሕ እዋን ከሕልፉ ብዙሕ ይፈቕደሎም ኣይነበርኩን።

ኣማኻሪ፥ ነዚ ጽልዋ ኢልኪ ትሓትሉ ዘለኺ፡ እንታይ ማለትኪ ኢኺ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ካባይ ርሒቑም ክጻወቱ ነይርዎም ማለትካዶ ይኸውን፧

ኣማኻሪ፥ ምስ መዛንኦም ጽቡቕ ዝምድናታት ክግበሩን ኣብ ደረጃ ዕድሚኦም ዘለው መሳቱ ዝሓስብዎን ዝገብርዎን ዝፈለጡን። ብዙሕ ርክብ ዘይነበሮምን ደሓር ኣብ መዛንኦም ዝሕወሱን ፍልልዩ ከመይ ይመስለኪ ማለተይ እዩ።

ደላዩት ምኽሪ፥ እሞ ወደይ! ንኣይ ዝመስለኒ፡ ጽልዋ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ጀሚሩ፡ ድሕሪ ገለ እዋን ዝቋረጽ ህይወት እምበር፡ ክሳብ ዕስራታት ዘለዊ፡ ህይወት ዝቕይር ገይረ መኣስ ወሲደዮ ኢልካኒ ኢኻ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ክንደይ ዕድመ ከሎ እዩ ብመዛንኡ ክጽሎ ጀሚሩ ትብሊ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ 'ብእኹል ውላድካ ኣይትምሓል' ምሳይ ከሎ ኣንፈት ናይ ዘይተደልየ ባህሪ ኣየስተውዓልኩሉን። ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ገዛና ምስ መማህርቱ ከጽንዕን ዕዮታት ክዓዩን'የ ዝርእዮም ነይረ።

ኣማኻሪ፥ እቶም እብ መጽናዕቲ ምስኡ ይሰርሑ ነይሮም እትብልዮም መዛኑ'ኺ፡ ከመይ ትግምግምዮም፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ይዋስኡለይ ነይሮም ከይከውን እምበር፡ ኣብኣቶም ዘስተባሃልክዎ ዝኾነ ይኹን ዘይተደልየ ተርእዮ ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ዘየድሊ ጽልዋ እንተ ዝነብሮ፡ ኣብ ወደይ ለውጢ ኣይምራእኹንዶ ትብል፧

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ ወድኺ፡ እቲ ሓንሳብ ንኣኺ ኣብ ስእለ ኣእምሮኺ ዝተቐርጸ፡ ኣይገብርን እዩ ዝብል እወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ጦብላሕታኡ እንተ ደኣ ነይሩኪ፡ ንዘጋጥሙ ተርእዮታት ዘይከተስተብህልሎም ትኽእሊ ኢኺ። ብግቡእ ድሕሪ ባይታ ናይዚ ሎሚ ኣጋጢምዎ ዝርከብ ዘይርጡብነት፡ እንተ ደኣ ተመልኪትኪ ግና፡ ገለ ኣንፈት ተርእዮ ክህልዎ ናይ ግድን ምኾነ።

ደላዩት ምኽሪ፥ እስከ በል፡ ዝኽርታተይ ፈቲሸ ብውሑዱ ዝነበረኒ ኣካይዳ ከስተውዕል ትምህርቲ እንድያ ዛዘረባ፣ ብዕቱብ ክጥቀመላ ክፍትን እየ። ኣንፈታት እንተ ደኣ ዳህሲሰ፡ ካብቲ ሒዘዮ ዘጸናሕኩ ኣተሓሕዛ ክመሓየሽ ከም ዘለንን፡ ንነኣሽቱ ደቀይ ብዝግባእ ክሕዝ፡ ንስክፍታይ ዘፋኹስ ለውጢ ክገብርን እዩ ዝመስል።

ኣማኻሪ፥ ካብ ዝተዓዘብክዮ፡ ንስክፍታኺ ዘራጉድ ኣሎዶ ትብሊ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣብ ምህሮ ዝነበሮ ተገዳስነት ድሕሪ ምጅማር ሳልሳይ ዓመት ኮለጅ፡ እናጎደለ ክኸይድን ብቐጻሊ ንገዛ ክመጽእን ካብ ትምህርቲ ኩብኩርን እዕዘቦ ነይረ እየ።

ኣማኻሪ፥ እንታይ ዝወሰድክዮ ስጉምትኺ ነይሩ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ምስ ኣቦኡ ብምኳን ኣለሳሊስና ሓቲትናዮ ነይርና። ንሱ ዝሃበና መልሲ፡ ምስቲ ዘምጸኦ ዝነበረ ነጥቢ ደሓን ብምንባሩ፡ የስጉጎ ኢልና ስለ ዘይሓሰብናዮ፡ ገለ ምኽርታት ብምልጋስ ሓሊፍናዮ። ክልተና ተማኺርና፡ ንኣስመራ ብብዝሒ ይመላለስ ብምንባሩ፡ እንህቦ ዝነበርና ባጀት ኣመኻኺና ኣጉዲልናሉ። እቲ ቀዳማይ ዘሻቕለኒ ዘሎ ኩነታት እምበኣር፡ ንኻልኦት እውን መምሃሪ ክኸውን፡ ኣብ ኮለጅ ንዝኣተወ ተመሃራይ ዘጋጊ፡ ህይወት ኮለጅ ከመይ ምኳኑ ዝለዓለ ግምት ብዘይ ምግባሮም ዘጋጥም ብድሆታት ብሃናጺ መገዲ ክሰግርዎ ብምባል እዩ። 'መምሃሪ ኣይግበርካን መምሃሪ ኣይኽላእካን እኳ ዝበሃል' ሓንሳብ ማትሪክ ስለ ዝተዓወቱ፡ ዝተረፈ ክምክት ይከኣል'ዩ ዝብል ግምት የሕድሩሞ፡ ተኣኪብካ ምዕላልን ምጽዋትን የዘውትሩ። ነናብ ስድራቤታቶም ምጋሽ ከኣ የብዝሑ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣደዳ ምሕማቕን ምስጓጉን ይኾኑ።

ኣማኻሪ፥ ኣዝዩ መሃሪ ሓሳባት ኢኺ ኣምጺኺ ዘለኺ። ሓደ እዋን ሓላፊ ጉዳያት ተመሃሮ ኣብ ኮለጅ ማይነፍሒ፡ ዝበላ 'እቶም ዕማም ትምህርትኹም ከይትገብሩ፡ ናብ ስድራቤታትኩም እትመላለሱ ዘለኹም ተመሃሮ፡ ገዛኹም ዞባ ቀይሩ ስለ ዘይጸንሓኩም፡ ተቐይሩ ክጸንሓኩም ንዘኽእል ኩነታት ምህሮኹም ኣብ ሓደጋ ኣይተእትዉ' ዝበሎ መግለጺ ኣዘኪርክኒ። ጽቡቕ ኣስተብሂኪ ኣለኺ። ዘምጸኣካ ገዲፍካ፡ ንዘይተሓተትካዮ ምምላስ ከይከውንን ምስትውዓል ከም ዝሓትት ዓቢ መልእኽቲ እዩ።

'ዓወት ጉዕዞ እምበር፡ መዓልቦ ኣይኮነን' ከም ዝበሃል፡ ንዝተጀመረ መገዲ፡ ናብ መወዳእትኡ ምብጻሕ'ዩ ንፉዕ ዘብል እምበር፡ ኣምጺኣ ነይረ ምባል ታሪኽ ከም ዘይከውን ምዝካር ኣድላዪ'ዩ።ህይወት ኮለጅ ዝምህሮ፡ ክንዮ'ቲ ቀለማዊ ፍልጠት፡ ኣኽብሮት ግዜ፡ ዝተታሕዘ ጉዳይ ምጽፋፍ፡ ርጡብነት ኣካይዳን ዘዐውቱኻ መካይድትን ክመርጽን እዩ።

ኣብ ኩትትና ንዝተሓልፈ ኣብ ኮለጅ እሞ ከኣ ዝወሓደ ምስ ተረፈ ዘጋጥም ምጽልላው ገዲፍካ፡ እወታዊ ቅኑዕ ውድድር፡ ኣነዶ ሰቐልኩ ንስኻ፡ ሒዘዮ ዝኣተኹ ብሉጽ ውጽኢት ዓቂበ፡ ንኣይ፡ ንወለደይ፡ ንዘምሃረኒ ሕብረተሰበይን ዝኾሓስሉ መጻኢ ምምዕዳው እምበር፡ ዓርክኻ ንዝኸዶ ግጉይ መገድን ልምድን ምኽታል ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ ዝዓበኻ ስድራ ዕበ፡ ወለዲ ዝብጻሕ ኣብጺሑም ድንድል ኣሳጊሮም ስለ ዘለዉ፡ ኣየናይ መገዲ ናብ ዓወት የብጽሓካ ምምራጽ፡ ናይቲ ተመሃራይ ቀንዲ ዕማም እዩ። ወለዲ ሓፈሻዊ ኣማእዛኒ ምኽርታት ጥራይ እዮም ክህቡ ዝኽእሉ።

ጽልዋ መዘና፡ መንእሰያት ብመዛንኦም ተተባቢዖም ንኣተሓሳስባ፡ ክብሪ ወይ ጠባያት ብምቕያር፡ ናብቶም ጸለውቲ ሰባት ከም ዝዝንብሉ ብምጥምዛዝ ዝግበር ኣእማኒ መስርሕ እዩ። እዚ ጽልዋ'ዚ እወታውን ኣሉታውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ሰለዚ፡ ምስ ዝኾነ ጎፍ ዘበለካን ኣብ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ምስ ዝመሃርን ኣብ ጥቓ ጥቓ ብሃንደበት ኮፍ ስለ ዘበልካን ጥራይ ስቕ ኢልካ ዝሰዓብ ክኸውን የብሉን። መመይትን መረጽትን ክንከውን ኣለና። ኣሉታዊ ጽልዋ መዘና፡ መንእሰያት ስምዒት ንዘይህቦምን፡ ርድየቶም ንዘይኮነን፡ ብዘይተዳለዉሉ ነገር ከቢቦሞም ብዘለው ሰባት ምእዙዛት ንምምሳልን ንምግጣምን፡ ምስ መዛኑኦም ዝኣትውዎ ኪዳን ክበሃል'ውን ይከኣል'ዩ። ኣበየናይ ዕድመ እናጎደለን እናተወደአን ይኸይድ ግና ኣብቲ ተኣፋፊ ዕድመ፡ ኑብስኻ ከይመለኽካ፡ መዕለቢኻ ከይፈለጥካ፡ እናተወዛወዝካ ከለኻ ብዝያዳ ዘጋጥም ተርእዮ እዩ።

እዚ ይኹን እምበር ኣብ ዕድመ ኩትትናን ተኣፋፍን ዕድመ ጥራይ እዩ ዘጋጥም ኢልካ ዝድምደም ኣይኮነን። ሓላፍነት ኣብ ዝተሰከሙ ሰባት ከይተረፈ ተፈጥሮኣዊ ልምዲ ከም ዝኾነ ክፍለጥ ይግበኦ። ጽልዋ ኣብ ብስለት ኣእምሮ ዝምርኮስ እምበር ብዕድመ ስለ ዝሰጎምካ ይገድፈካ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዓበይቲ ይኹኑ ነኣሽቱ ዘምጸኣካ ዕላማ ረሲዕካ ዝሰርጽ ጽልዋ ተኾይኑ ግና፡ 'ተሰታይ ዓበደ' ዘስምዕን መሰታ ዳሕረዎት ዘብል'ዩ። ብዙሕ ምስ መሳትኡ ዘድሊ ናይ ጸወታን ወኻዕኻዕን ህይወት ከየስተማቐረ፡ ብኣቋራጭ ንዝዓበየ መንእሰይ፡ ነዚ ክኢላታት ስነ ልቦና ደግሲ ይብልዎ። ስለዚ ከምቲ ንስኺ ዝተመነኽዮ ጥጡሕ መገዲ መታን ክኾነሎም ኣብ ኩትትና ዕድመ ንዘለዉ ደቅና ዘድልዮም ናይ ጸወታን ምጽልላውን ህይወት መሊኾም ክዓብዩ ንጸኒሑ ካብ ዘጋጥሞም ጽልዋ መረጸቲ ክኾኑ ሓጋዚ እዩ። ኣብ ኩሉ ዕድመ ዘጋጥሙ ጽልዋታት ኣብ ትብዓት ናይቶም ተጸለውቲ ኣካላት ከምዝምርኮስን ንሰባት ክንደይ ካብ ግዜኻ ብምሃብ ምስኣቶም ተሕልፍን ካብዚ ወጻኢ ምስ ዘጋጥመካ ብኽነት ግና ኣይፋል ንምባል ምብንጣስን ከም ዝከኣል ጌርካ ምውሳድን ኣብ ብስለት ናይቲ ሰብ ይምርኮስ። ስለዚ ንደቅና ብእኹል ፍቕርን ብኢሂን ምሂን ከም መሓዙትና ጌርና እንተ ኣዕቢናዮም፣ ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ መዘና ዲሒኖም ንሳቶም ንእወታዊ ኣንፈት ኣማእዘንቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ልዕሊ ዓቕሞም ዝኸውን ብድሆታት እንተኣጋጢምዎም ድማ ምስ ወለዶም ጥቡቕ ዝምድና ንዘልዎም፡ ምኽሪ ወላዲ ስለዝረኽቡ፡ ካብ መንገዲ ዓወት ኣይዝንብሉን እዮም።

ደላዩት ምኽሪ፥ በል የቐንየለይ ንኣይ ክብል ንብዙሓት ስድራቤታትን እትትንክፍ ኣርእስቲ እንድየ ደኣ ኣልዒለ። ንዝተዋህበኒ ሓሳባት ኣመስግን።

ኣማኻሪ፥ ኣነ'ውን ተገዲስኪ ዓሚል'ዛ ዕለት ምኳንኪ የቐንየልና ብሩኽ መዓልቲ።

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣቶ ገብረማርያም ተኽለይ ምስጎኑን ወ/ሮ ኣልማዝ ግርማይ ኣብርሃ፣ ወድና ናትናኤል ገብረማርያም ተኽለይ ስለዝዘከሰወ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/2026 ኣብ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰምኦን ያሬድ የማነ ምባል ተረፉ፡ ሰምኦን መርእድ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሃብቶም ተኽለሚካኤል በየነ፡ ወለደይ ተኽለሚካኤል በየን ቀለታን ጽላት ፍስሃ ዑቕባሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 9 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ. 38 ይቕረብ።

ኤልሳቤጥ ማውዲ ታገ፡ ጠበቃ መሓመድዓሊ ሐሴን ወኪሊተይ ነ/ፍ ጸገወይኒ ተስፋማርያም ጉብረ ዝኣበትኒ ስበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለን የዕበዮ ጉብረኸንነሱ፡ ወከል ኣቶ ኤፍሬም ሃይለስላሴ ሃይለማርያም፡ ኣደይ ይሕደጋ ጉብረክርስቶስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳነት ፍጹም ጊላምካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓንደብርሃን ዑቕባሚካኤል ጸጋ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን24/11/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረብ።

ንፍታሌም ኣብርሃም ይግዛው፡ ስም ኣደይ ፍዮሪ ተስፋእንድርያስ ምባል ተሪፉ፡ ፍዮሪ ተስፋኣዝጊ እምባዬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋጋብር ተኽለሚካኤል ዘራጼን፡ ኣቦይ ተኽለሚካኤል ዘራጼን ተኽለጼን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ወረደ መለስ ጊላሚካኤል፡ ኣደይ ሂወት ጉብረሚካኤል ጉብረታትየስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ዘርኢማርያም ኢሳቕ፡ ብዓል-ቤተይ መልኣከ ወልዳይ ጉብረማሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣቶ ያቆብ የማነ ሰበሁ፡ ሓወቦይ ወልደሚካኤል ሰበሁ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 3 ሓወቦታተይን 2 ኣሞታተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳናይት ኣማኒኤል፡ ኣደይ ምሕረት መሓሪ ጉብራይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ባህታ ፍስሃ ወልዴሰሱ፡ ኣደይ ውዳሴ ጉብረታትየስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሚኤል እስቲፋኖስ፡ ስም ኣዲኡ ነቦይ ኣዜብ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፡ ምሕረት ባይሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ኣቤል ኣምለሶም ጉብረማርያም ምባል ተረፉ፡ ኣቤል ጠዓመ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ብወከሉ ሓድግምበስ ተከኤ፡ ተኽለሃይማኖት ሓድግምበስ ምባል ተረፉ፡ ኣሌክሳንደር ሓድግምበስ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ ስጋ ጤል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ፡ በርበረ ባኒ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን።
ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ (ክፉት ጨረታ)
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ሆስፒታላትን ቤት ትምህርትን (ሆስፒታል ምጽዋዕ፡ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ሆስፒታል ኣፍዓበትን፡ ቤት ትምህርቲ ኣሰልጣኒት ነርስ ጊንዳዕን) ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክማርት ስለዝደለዩ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ትምህርትን ይወስዱ።)
ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘይብሉ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጤል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ ባኒ ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓን እኽልን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሸጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምሶም ርእሶም ቁ.ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ዕለት 28/10/2026 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት ትምህርትን ክፀሕ ኣሎ። ሰዓት 9:45 ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት። ኣብ ዕለት 29/10/26 ኣብ ሆስፒታል ባጽዕን ሆስፒታላት ኣፍዓበትን ናቕፋን ክፀሕ ኣሎ። ዕለት 29/10/26 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ፡ ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ስዑርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርቲት ይኣቱ። ኣብ ቦትኡ በዚ ዝተገልጸ ዕለትን ሰዓትን ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንነፍሲ ወከፍ ኣጫራቲ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ባንን 20.000.00 ናቕፋ፡ እንቋቑሖ፡ በርበረ፡ ጸባ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን 10.000 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ ማሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ፡ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ፡ ብናቱ መጉዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታል የቕርብ።
10. ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓድሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤተ ማዘር ዞ/ሰ/ ቀ/ባሕሪ) 3ይ ደርቢ ምጽዋዕ
ቁ.ቴሌ08534562

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ፡ እንቋቑሖ ፍሩይ፡ ዝተቓመመ በርበረን ጨውን፡ ጸባ ከብቲ፡ ከምኡ'ውን መሰንከቲ ባኒ።
ኣሃዱ፦ ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ
ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/01/27 ክሳብ 31/12/27 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝመሓደራ ሆስፒታል - ከረን ኮ/ሆ/ዲላብርዕድ - ኮ/ሆ/ሓጋዝ - ማ/ጥ/ሓመልማሎ - ማ/ጥ/ ፍሉዳርብን ንደቂሶም ዝሕከሙ ሕሙማት ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክማርት ስለ ዝደለዩ፡ ንሕጋውያን ነጋዶ ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝጫረቱ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚ/ጥ/ንኡሳን ዞባታት ይወስዱ)።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት።

1. ጨ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ስቡሒ ዘይብሉ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ዝተቓመመ በርበረን ጨውን፡ ጸባ ከብቲ፡ መሰንከቲ ባኒ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሸጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ/ሓፈሻዊ ኣግልግሎት/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ወይ ክወስዱ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብ ቤ/ጽ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ብዕለት 5/11/2026 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ሰነዳት ክፀሕ ኣሎ። ደንገዩ ዝቐረበ ካብ ጨረታ ይንጸግ።
ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልቶን ክሳተፍ ዝደለየ ሰብን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ዕለት 5/11/26 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበር ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ስጋ ከብትን ንነፍሲ ወከፍ ናቕፋ 30.000 (ሰላሳ ሽሕ)፡ ንእንቋቑሖ፡ በርበረን ጸባ ከብትን መሰንከቲ ባንን ንነፍሲ ወከፍ 20.000 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ ማሰረት ይካየድ።
9. ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ዓንሰባ
ተሌ. 2911-402104

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ነጋሲት ብርሃ ኣብዩ፡ ኣደይ ኣበባ ክንፈ ጉብረሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰና ጸገዘኣብ ጉብረኣምላኽ፡ ተኽሰሲ. ኣቶ ርቤል ሓይልኣብ ተሰፋይ፡ ናይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ።

ወ/ሮ ፈሽን ረዘ ኢሳቕ፡ ወላዲተይ ህይወት ሃይለሚካኤል ዓንደገዮርጊስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልዱ ወልደእየሱስ ጉብርኣብ፡ ወላዲየይ ወልደእየሱስ ጉብርኣብ ወልደስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ወልዱ ወልደእየሱ ጉብርኣብ፡ ወላዲተይ ሉተሚካኤል ወልደኣብ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ዊንታና ኣፈወርቂ ወልደስላሴ፡ ኣቦይ ኣፈወርቂ ወልደስላሴ ፅቐባርሽ ስለዝተወሉ፡ ንወላዲትና ሰስተር ዛይድ ጠዓመ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉብርኤል ምሳየና ዑቕባጼዮን፡ ብዓልቤተይ ዘርኡ ጉብረሚካኤል ደብረጼን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ሰለማዊት ከሱተ ጉብረማርያም ምባል ተረፉ፡ የርሳሌም ከሱተ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲት ምሳሹ ሓጎስ ወልደሊባኖስ ናይ'ቲ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣቖርዳት፡ ዞባ 7፡ ምምሕዳር 09፡ ጎደና "ቸ" ነበር፡ ዝርከብ፡ ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ብቑ/ምስ/ወረቐት 100730 መወ/ቁጽሪ 102262፡102263 ዝተመዝገበ ገዛ ብዕለት 27/03/1993 ዝተዋህበ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07142457 ይሓበር። እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምኻነይ ኣሕብር።

ወኪል ፍጹም ስዩም
ምሳሹ ሓጎስ ወልደሊባኖስ

ምስጋና

ብዕረፍቲ ለዋህን ፈቃርን ኣቦና የውሃንስ ኣሰፋው ተድላ፡ ብዓልቤታ ንፍስሄረት ኣለማሽ ሃይሉ ረዳ ዝተሰምዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መካ መቓብር ሓዙሓዘ ዘቃበሉምናን ኣብ ሓዘና ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝዓጸና ንሕብር።

ደቁ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ንሕና ማሕበር ንኡሳን ኣሕዋት ካፑቺኒ ሰበካ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ኤርትራ ዝተባህልና፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ማይ ጃሕጃሕ ፕሎት 31 ፓርሰል L ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ቁ.ንብረት 1BRASM0118607/0 ብስም ኣብ ፕሮታገዮ ጆቫኒ ደልፊን ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብህያብ ስለዝወሃበና፡ ናብ ስምና ክስመሓላለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምኻንና ንሕብር።

ማሕበር ንኡሳን ኣሕዋት ካፑቺኒ ሰበካ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ኤርትራ
ወኪል ኣባ የማነ ሃይሉ ኣቢብ

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ረዳኢት ወልደጉብርኤል ክፍሎም፡ ሰወእ ብዓል ቤተይ መድሕን የውሃንስ መድሕን፡ ብሕማም ምኽንያት ብዕለት 28/07/2026 ካብዚ ዓለም ብምስዋኡ ስለ ዝተፈልየና፡ ኣነ ምስ 7 ደቁ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ፍርቂ ማሰለይ ይተሓለወለይ 1. ሰደሪ መድሕን የውሃንስ 2. ሰለሆም መድሕን የውሃንስ 3. ሰሲና መድሕን የውሃንስ 4. ብርሃ መድሕን የውሃንስ 5. ሰላም መድሕን የውሃንስ 6. ሳንቲና መድሕን የውሃንስ 7. ገሊላ መድሕን የውሃንስ ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣብ ባንክ ዝርከብ ገንዘብ ወረስቲ ምኻንና ኣብ ጋዜጣ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፡ ቤት ፍርዲ፡ ዝቃወም እንተሎ ንዕለት 19/11/2026 ዓ/ም ብኣካል ወይ ወኪል ይቕረብ ኢልና ኣዚዝና ኣለና።

እዚ ትእዛዝ ሎሚ ዕለት 14/10/2026 ዓ.ም ኣብ ቤት ፍርዲ 1ይ ደረጃ ን/ዞባ ኣቖርደት ተዋሂቡ።

ምልክታ ንዳግማይ ተፈተንቲ ማትሪክ

ማእከል ፈተና፡ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን፡ ቀደም ሕጂ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሃገራዊ ፈተና (ማትሪክ) ተሳቲፎም መሕለፊ ነጥቢ ዘይረኸቡ፡ ኣብ 2027 ዳግማይ ክፍተኑ ንዝደልዩ እዚ ዝስዕብ ምልክታ የቕርብ።

1. <u>ክፍተኑ ዝፍቀደሎም</u>

1.1. ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡኦም ዝፈጸሙ፣
1.2. ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነጻ ዝኾኑ ወይ ዘይምልከቶም፣
1.3. ኣብ ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተድኣልዮም ድማ ካብቲ ዝለውዎ ትካል ወይ ኣሃዱ ናይ ደገፍ ወረቐት ዝተዋህቦም እዮም።

2. <u>ግዜን ቦታን ምዝገባ</u>

2.1. <u>ናይ ምዝገባ ግዜ</u>:- ካብ 9 ክሳብ 20 ሕዳር 2026
2.2. ናይ ምዝገባ ቦታ:- ቤ/ጽ ማእከል ፈተና (ጥቓ ማእከላይ ቤ/ጽ ፖስጣ) ኣስመራ

3. <u>ክማልኡ ዘለዎም ሰነዳት፡ ተፈተንቲ ናይ እዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ኦሪጂናልን ቅዳሕን ሒዞም ንምዝገባ ይቐርቡ፣</u>

3.1. ቀደም ሕጂ ናይ ዝተሳተፍዎ ፈተና ወጽኢት ዝሕብር ሰርቲፊኬት (ESECE Result) ወይ ድማ ናይ መፈተኒ ካርድ (Admission Card)፣

3.2. ሃገራዊ ግቡኦም ዝወድኡሉ ናይ መጥየሲ ወረቐት ወይ ከምዘይምልከቶም ዝሕብር ሰነድ ወይ ማሳለይታ ደብዳቤ ካብቲ ዝለውዎ ትካል/ኣሃዱ።

4. <u>ቅጥዕታት</u>

4.1 ኣርባዕተ ናይ ፓስፖርት ዓቐን ዘለዎም ስእልታት የድልዮም፣
4.2. ክፍሊት፡　(ሀ) መመዝገቢ፡ 100 ናቕፋ
　　　　(ለ) ተወሳኺ ክፍሊት፡ 60 ናቕፋ ንሓደ ዓይነት ትምህርቲ

5. <u>ማእከል ፈተና ዳግማይ ብምፍታን ናብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ውሕስነት ከምዘይህብ ይሕብር፣</u>

ፈተና ዝወሃበሉ ኣብ መፋርቕ መጋቢት 2027 ኮይኑ፡ መፈተኒ ቦታ ድማ ኣብ ኣስመራ ጥራይ ምኻኑ ንሕብር።

ማእከል ፈተና
ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን
ቴሌ. 118558

ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

ጎትፍሬድ ዊልሃልም ሊይብኒዝ

ፍሉይ ተውህቦ ዝነበሮ፣ ብዙሕ ዓውድታት ዝመለኸ ስነ ፍልጠተኛ።

ትምህርትን ምንባብን ንምውህሃዱ ንሽገርዶ፧ ሓደ መዓልቲ ናይ ፍልጠት ሸውሃትና ርግጥ ክብል ይፍለጠናዶ፧ ክሳዕ ክንደይ ኢኻ ክትመሃር እትደሊ ምፍላጥ የድልየካዶ ይኸውን፧ ሓደ ሰብ ሓደ ዓውዲ ጥራይ ድዩ ክጽንዕ ዝኽእል፧ ንምንባብ፡ ፍለጠትን ምርምርን ዝኸውን ግዜን ዕድልን ከም ዘይብልካ ክቐጽር ይከኣልዶ ይኸውን፧ ፍልጠትን ምርምርን ኣብ ኣንጉዕካ እንተ ኣትዩ ልክዕ ከም ወልፊ ዝሰድድ ኣይኮነን። ሊይብኒዝ ንፋዕ ኣንባባይን ስነ ፍልጠተኛን'ዩ ዝነበረ። ነዚ ሕቶታትና ኣብ ታሪኽ ህይወቱ ንረኽቦ ንኸውን፥

ፍሉይ ተውህቦ ነበሮ። ብዙሓት ኣገዳስነት ዘሎዎም ዓውድታት መለኸ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ክግበር ዝከኣል ዘይመስል ብቕዓት ከም ዝነበሮ ዝንገር ጎትፍሬድ ዊልሃልም ሊይብኒዝ፡ ንትምህርትታት ሕጊ፡ ስነ ሃይማኖት፡ ፖለቲካ፡ ፍልስፍና፡ ስነ ጥበብ፡ ስነ መሬት፡ ህላወን ፍልጠትን ዘጽንዕ ፍልስፍና፡ ኣልኬሚ፡ ታሪኽን ቁጽርን ማይ ኣበሎ።

ሊይብኒዝ ኣብ ሌፕዚግ - ጀርመን - ብባሕቲ ነሓሰ 1646 ተወልደ። ኣቦኡ ኣብቲ ዓዲ ዝነበረት ዩኒቨርስቲ፡ ፕሮፌሰር ሞራል ፍልስፍና ነበረ። ሊይብኒዝ ወዲ ሸዱሽተ ዓመት እንከሎ ድማ ሞተ። እታ ኣብ ህይወቱን ፍልስፍናኡን ዓቢ ግደ እተጻወተት ኣደኡ፡ ካተሪና ሽማክ፡ ከም ኣደን ኣቦን ኰይና ኣዕበየቶ። ዘይብተኽ ሞራልን ክብሪ ሃይማኖትን ዝመሃረቶ ኣደኡ'ያ ዝነበረት። ኣብ ዓመት ሞት ኣቦኡ፡ ኒኮልያ ኣብ ዝብሃል ቤት ትምህርቲ ክመሃር ኣተወ። ብቛንቋ ላቲን'ዩ ዝመሃር ዝነበረ። ኣብ ዓሰርተ ክልተ ዓመቱ ነቲ ቋንቋን ካልእን ልዕሊ ኣብ ትምህርቲ ዝመሃሮ ባዕሉ እናጸዓረ መለኾ። በዚ ተተባቢዑ ናይ ኣቦኡ ቤት ንባብ ዝነበረ መጽሓፍቲ ክንብቦ መደበ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሮ ዝነበረ ናይ ኣሪስቶቲል ርትዒ ይዓግበሉ ኣይነበረን። ንእኡ ከማሓይሽ ናቱ ቅድን ሓሳባትን ከማዕብል ድማ ጀመረ። እቲ ዘልዓሎ ሓቂታት ኣጽርዩ ይፈልጦ ኣይነበረን። ኪንዮ ብሓሳባትን ግምታትን ብቑጽሪ ከረጋግጾ ይኽእል ነይሩ'ዩ። ኰይኑ ግን ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝምልከት መጽሓፍትን ጽሑፋትን ብሰሰዐ የንብብ ነበረ። እዚ ሰሰዐ ንባብ ክሳዕ መወዳእታ ህይወቱ ምስኡ ቀጸለ።

ብ1661 ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመቱ ናብ ሊፕዚግ ዩኒቨርሲቲ ተጸንቢሩ ፍልስፍና ክጽንዕ ጀመረ። ኣብዚ ዩኒቨርሲቲ ፍልስፍና ዘይከም ስነ ቁጽሪ ጽቡቕ ገይሩ ዘስትምሃር ትምህርቲ ነበረ። ኣብዚ እዋን ደቂ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዩኒቨርሲቲ ክኣትዉ ኣይርኣይን እዩ። ኣብቲ ግዜ ንእሽተይ'ኳ እንተ ነበረ፡ ብዙሓት መሳቱኡ ግን ነበሩ። ናይ ዲግሪ (On the Principle of the Individual) ማዕርጉ ድሕሪ ክልተ ዓመት ምስ ወሰደ፡ ንኽረምታዊ ዕረፍቲ ናብ ጄና ከደ። ምስ ናይ ስነ ቁጽሪ ፕሮፌሰር ኢርሃርድ ወይገል ክላለ ዕድል ረኸበ። ንርትዕታትን ኣምራት ፍልስፍናኡን ብስነ ቁጽሪ ከረጋግጾን ክገልጾን ከም ዝቐሎ ገይሩ ድማ መሃሮ።

ናብ ሌፕዚግ ተመሊሱ፡ ብሕጊ ናይ ዶክትሬት ማዕርግ ክሰቅል ነቐለ። ኣብ ጥቅምቲ 1663 ናይ ማስተርስ ዲግሪ ድሕሪ ምርካቡ፡ ቍሩብ መዓልታት ጸኒሓ ኣደኡ ዓረፈት። ብ1666 ውጽኢት ዓወታቱ፡ 'Dissertation On The Combinatorial Art' ዝሰመዮ ስርሑ ኣሕተመ። ሊይብኒዝ፡ ሌፕዚግ ዩኒቨርሲቲ ጥሒሱ፡ ናይ ሕጊ ትምህርቱ ብደረጃ ዶክትረይት ንምቕጻል ናብ ኣልትዶርፍ ዩኒቨርሲቲ ተጸንበረ። ብ1667 ድሕሪ ምምራቑ፡ በብእዋኑ ኣብታ ዩኒቨርሲቲ መናብር ሓላፍነት ኮፍ ክብል ዕድመ ይቐርበሉ ነበረ። እንተኾነ፡ ንኹሉ ነጺጉ፡ ኣብ ፍራንክፈርት ኰይኑ በበይኑ ፕሮጀክትታት፡ ምርምራት፡ ሳይንሳዊ ጽሑፋትን ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብን ክድህስስ'ዩ ዝመረጸ። ንስቪላዊ ሕጊ ሮማውያን ኣመሓየሾ። ንኹለን ኣብያተ ክርስትያን ከሰምረን ጥሙሕ ነበሮ። ንሕሳብ ቍጽሪ ተሰላስል ማሽን (ኳልኩሌተር) ክሃንጻ ጀመረ።

ሊይብኒዝ፡ ጸኒሑ ናብ ፊዚክስ ክዝንብል እዩ ዝተራእየ። ምስ ብዙሓት ምሁራት ኤውሮጳ'ውን ተራኸበ። 'New Physical Hypothesis' ዝሰመያ ሕትመቱ፡ ንምንቅስቓስ ነገራትን ዓይነታት ጸዓትን ትገልጽ መጽናዕቱ ዝሓዘት ነበረት። ጸኒሑ ጂኦሜትሪ ኣጽኒዑ። ኣፈታትሓ ሊንያር ኢኴሽን፡ ባይናሪ ኣርቲመቲክን ካልኦት መጽናዕቲታቱን በብእዋኑ ኣሕተሞ። ካብ 1673 ኣትሒዙ ኣንፈት ዝረኸበሉ ናይ ኳልኩላስ ምርምራቱ ኣጥቢቑ ሒዙዎ ነበረ። ኣብ ሰለስተ ዓመት ናይዚ ናይ ዲፈረንሺሽንን ኢንተግረሽንን ቀመራትን መግለጽን ጸሓፎም። ኣብዚ እዋን ምስ ኢሳቕ ኒውቶን ተጋጨዉ። ኒውቶን ቀዲሙ ረኺቡዎ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንግዳም ግን ከም ዘይውጽኦ'ዩ ዝንገር። ኣብዚ፡ ዓሚቝ ክርክር ኣብ ኤውሮጳ ተላዕለ። መወዳእታኡ ክልተኦም ብገርሆም ኣብ ገገዛኦም ዝረኸቡዎ ምርምራት ምዃኑ ተገልጸ።

ሊይብኒዝ ኩሉ ዝዓውዱ ተመራማሪ'ዩ ዝነበረ። ብዙሕ ምርምራትን ዘማሕየሾምን ዘየሕተሞ ጽሑፋት ድሕሪኡ ወጽኡ። ሊይብኒዝ ብዘይካ ኣብ ስነ ፍልጠታዊ ምርምራቱ፡ ንንግስነት ሃገሩ ብልቡ ኣገልገለ። ምስቲ ስነ ፍልጠታዊ ምርምራቱ ዲፕሎማት'ዩ ዝነበረ። ናይ ቋንቋ ላቲን ንፋዕ ገጣምን ንፋዕ ጸሓፊ ባዮግራፊ መጽሓፍትን ድማ ነበረ። ኣብ ሃኖቫ ብ14 ሕዳር 1716 ምስ ሞተ፡ ኣብ መዓልቲ ቀብሩ ጸሓፊቱ ጥራይ'ያ ዝተረኽበት። "ምስዚ ኩሉ ንሳይንስን ሃገሩን ዝገበሮ ኣበርክቶ፡ ከም ሓደ ሰራቒ'ዩ ተቐቢሩ፡" ብምባል ድማ መስከሩሉ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

ገለ ካብ ባህርያት ዕዉት ተመሃራይ

1. ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ከተጽንዕ ዘይምፍታን፣
2. ናይ መጽናዕቲ ውሱን ግዜ ምህላው፣
3. ውሱን ዕላማ ምህላው፣
4. ኣብ ዝተመደበ ግዜ መጽናዕቲ ምጅማር፣
5. በቲ ዝበርተዐ ምጅማር፣
6. ናይ መጽናዕቲ ግዜ ኣቐዲምካ ንብጾትካ ምሕባር፣
7. ዘይትርድኦ እንተ ኣጋጢምካ ምስ ብጾትካ ኴንካ ምፍታን፣
8. ውጽኢታዊ ናይ መጽናዕቲ ጉጅለ ምፍጣር ወይ ኣካል ናይ ሓደ ጉጅለ መጻንዕቲ ምዃን፣
9. ቀደመ ሰንበት፡ ካብ ብጸወታን ዕረፍቲ ጥራይ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ምጽናዕ፣
10. ንዘይተረድኣካ፡ ሓቲትካ ንምፍላጥ ወይ ንምርዳእ ድሕር ዘይምባል።

መም. ስተላ መሓረና

ቍጽሪ ብኸመይ መሳጢ ንገብሮ?

1. ምሉእ ትርጉም ናይቲ ኣርእስቲ ንተምሃሮ ምሃብ
2. ብዝቐለለ መሰረት ዘትሕዝ ኣብነት ጀምር
3. ፈጠራን ስምዒት ዋንነትን ክትቅስቅስ ምኽኣል
4. ቀልቢ ተመሃሮ እትገዝኣሉ ኣገባብ ምንዳይን ምኽታልን
5. መሰጥትን ኣካታዕትን፡ ካብ መጽሓፍ ወጻኢ'ውን ክኹኑ ይኽእሉ፡ ሕቶታት ምድላው
6. ተማሃሮኻ ሕቶ ባዕሎም ከም ዘዳልዉ ምግባር
7. ንተማሃሮኻ ናይታ ትምህራ ዓውደ ትምህርቲ ቍጽሪ ጆርናል ክጽሕፉ ምድራኽ
8. ፕሮጀክት ምሃብ

መም. ስተላ መሓረና

ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧



ዳእላ ተመሃሮ

A teacher was teaching English concerning Tenses. While he was mentioning the parts of Present tense a student rised her hands.

Betiel: "Teacher!"

Teacher: "Yes!"

Betiel: "You said the 1st one is Simple Present and the 2nd is Present Continuous..."

Teacher: "Yes, I do!"

Betiel: "If we call the 1st one is Simple Present why don't we call the 2nd one 'Hard Present'!"

ሚሪማና

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ንሰባት በቲ ክኾኑ ዝብህግዎ እናሓሰብካ ቅረቦም፣ ናብቲ በጺሐሞ ዘይፈልጡ ናይ ምግባር ዓቕሞም ንኽበጽሑ ኸኣ ሓግዞም።"

- Goethe

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ዋዕላ ህዋሳት

ህዋሳት፡ ዋዕላ ክገብሩ ወሰኑ፡ እንተ ኾነ ዋዕላ ዝገብሩሉ ቦታ ክሰማምዑ ኣይከኣሉን። ድሕሪ ክንደይ ውረድ ደይብ፡ ኣብ ቁርበት ዝተባህለ ኣካል እቲ ዋዕላ ክገብሩዎ ተሰማምዑ። ንቑርበት ዝመረጹሉ ምኽንያት ካብ ኩላቶም ህዋሳት ዝገዘፈ ንሱ ስለ ዝኾነ እዩ። በዚ ተሰማሚያም ድማ እዋን ዋዕላ መረጹ።

እዋን ዋዕላ ኣኺሉ፡ ሓምሽቲኦም ናይ ስምዒት ህዋሳት ተኣከቡ፡ ዋዕላ ድማ ተጀመረ።

"ዝኸበርኩም ህዋሳት ከምዚ ኢልና ክንተኣኻኸብ ምኽኣልና ባህታ ፈጢሩለይ ኣሎ። ካብ ዘይንራኸብ ነዊሕ ኢና ጌርና። ሎሚ ዝተራኸብናሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ዝተዋህቦም'ኳ ብዙሕ ንኽሰምዑ እዮም። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ ግን ካብ ምስማዕ ንላዕሊ ምዝራብ መሪጾም ኣለዉ፡" መልሓስ ዘረባኣ ወዲኣ ሰቕ በለት።

"መልሓስ እዚ ዝበልክዮ ሓቂ እዩ። ወዲ ሰብ ክልተ እእዛን እንክሎዎ ብዙሕ ክሰምዕ ዝግብኦ ክንሱ ብዙሕ ይዛረብ ኣሎ። በዚ ናይ ሰብ ጫቕጫቕ ዳርጋ ሓሚመ እየ። ተወሳኺ፡ ወዲ ሰብ ብመወጽ፡ ብመኽደኒ ቢሮ ኮታ ብዝተፈላለዩ ነገራት እናኮከዐ የበላሸወኒ ኣሎ። ወዲ ሰብ ዝብልዎ መዓዱለይ። ካብ ኩሉ እዝኒ እንተ ተበላሸዩ ብዙሕ ሽግር ክህልዎ እዩ። ስለዚ ነዚ ሰብ ዝብልዎ ብዙሕ ክሰምዕ ምዓድዎ፡" እዝኒ መረረኣ ገለጸት።

"ኣነ'ኳ ሓቂ ይሓይሽ ደሓን እየ፡" ኣፍንጫ ዘረባ ጀመረ። ቀጺሉ፡ "ኣፍንጫ ጥቕሙ ብዙሕ ዓይነታት ጨና ምሽታት እዩ። ሰባት ኣብ ኣተሓሕዛ ኣፍንጫ ደሓን እዮም። ገለ ውሑዳት ግን ክጽርዩኒ ክለዉ ዝጥቀሙሉ ነገራት የሰክፈኒ። ኣብ ክንዲ ብመንዲል ብኢዶም ወይ ብተሪር ነገር ይደርዙኒ። ኣነ ድማ እቘስል ኣለኹ። ካልእ ካብ ኩሉ ዝገርመኒ ስርሐይ ምሽታት ከሎ እንተ ነዋሕኩ 'ፒኖክዮ'፡ እንተ ሓጸርኩ ወይ እንተ ጠፍነቕኩ ድማ 'ቻይና' ይብሉኒ። ንሰባት ዘገድሶም ስርሐይ ጥራይ እዩ። ስለዚ፡ ጸርፊ ንምንታይ ኣድለየ፧ መልሓስ ድማ ኣብ ከምዚ ኩነታት ጥንቁቕ ክትብል ይግብኣ እዩ፡" ኣፍንጫ ቅሬታኡ ገለጸ።

ብዛዕባ ስራሕና ክንዛተ እዩ። ኣብ ስራሕ ዘሎና ዘይዕግበት ከኣ ክንዛረብ ንኽእል ኢና፡" በለት መልሓስ፡ ንኣርባዕቲኦም ናይ ስምዒት ህዋሳት ብብሓደ እናጠመተት።

"ንኣይ'ውን ከምዚ ኢልና ብሓባር ተኣኪብና ምርኣየይ ሓጎስ ፈጢሩለይ ኣሎ። ኣነ ዓይኒ፡ ብርሃን ናይ ህዋሳት እየ። ኣነ እንተ ዘየለኹ ኩሉ ጸላም እዩ። ንኣይ ስራሕ ይብርትዓኒ ኣሎ። ካብ ኩሉ ኣብ ግዜ ጸሓይ እህሰ ኣለኹ። እዚ ወዲ ሰብ ዝብልዎ ድማ ኣብ ዓይኒ ዘሎዎ ተገዳስነት ኣዝዩ ትሑት እዩ። ብፍላይ ቈልዑ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ጸወታ ውዒሎም፡ ከይተሓጽቡ ይድቅሱ ኣለዉ። እዚ ድማ ንኣይ ንዓይኒ ከቢድ ሃሰያ ኣለዎ። ብሰንኪ ርስሓት ኣብ ምርኣይ ዝዕንቀጸሉ ግዜ ኣሎ። ስለዚ፡ ንኣይ ንዓይኒ ግቡእ ክንክን የድልየኒ እዩ፡" ዓይኒ ኣስፊሕ ኣቢላ መብርሂ ሃበት።

"እዚ ክትብሉዎ ዝጸናሕኩም ኩሉ ሓቂ እዩ። ኣነ ቁርበት ድማ ካብ ቁሪ፡ ንፋስ እየ ዝከላኸል። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ግን ናይ ኩሉ ኣካላት መሸፈኒ ኣነ እየ። ኣነ እንተ ዘየለኹ ብዓል ልቢ፡ መዓንጣ፡ ኰሊት፡ ጸላም ኩብዲ እንታይ ከም ዝኾና ሓሲብኩም ትፈልጡዶ፧ ዝበዝሐ ግን ብዛዕባ ጥቕመይ ዘይኮነ ብዛዕባ ጽባቐ ጥራይ እዩ ዝግደስ ዘሎ። ጸሊም ሕብሪ ዘሎዎም ሰባት ብኣይ ክሕጐሱ ኣይከኣሉን። ብመመላኽዒ ነቲ ዝነበረ ሕብረይ ክቕይርዎ ይቃለሱ ኣለዉ። ጸሊም ቁርበት፡ ኣብ መልክዕን ተጻዋርነትን ዓቢ ተራ ከም ዘሎዎ ዝፈልጡ ውሑዳት እዮም። 'ጸሊም' እናበሉ ዝጸርፉ ኣለዉ። እንተ ኾነ ግና ጸሊም ሕብሪ እምበር ጸርፊ ኣይኮነን። ሰባት ብሕብሮም ንኽኾርዑ ክንጐስጕስ ይግብኣና። እዚ ድማ ናይ መልሓስ ስራሕ ስለ ዝኾነ መልሓስ ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ይግብኣ፡" ቁርበት መረረኡ ገለጸ።

መልሓስ፡ ኣፍንጫ፡ ቁርበትን ዓይንን ቀው ኢሎም ብጽሞና ተኸታተሉ።

"ኣነ መልሓስ ሰፈረይ ኣብ በዓቲ'ኳ እንተ ኾነ ወዲ ሰብ ካብ ሰማዒ ንላዕሊ፡ ተዛራቢ ብምዃኑ ኣዝየ ደኺመ ኣለኹ። ተዛረብቲ ባዕላቶም ብዝፈጥርዎ ጸገም ከኣ፡ 'መልሓስ፡ ዓጽሚ ዘይብላ ክንሳ ዓጽሚ ግን ትሰብር' እናበሉ ክወቕሱኒ ክለዉ ሕማቕ ይስመዓኒ ኣሎ። ንኣይ'ውን ስራሕ ይበዝሓኒ ኣሎ። ነዚ ወዲ ሰብ ብዙሕ ካብ ዝዛረብ ክሰምዕ መዓድዎ። ክልተ ኣእዛን

ይቕጽል...

ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ

ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ

ቅኑዕ መልሲ ምረጹ

1. ናብ ኣስመራ መኣስ ኢኺ ________።
   ሀ. ትመጺ   ለ. ትመጽኢ
2. ኣቦይ በርሀ፡ "____________:" ኢሉና።
   ሀ. ብደሓን ምጽኡ   ለ. ብደሓን ምጹ
3. ንእሽቶ ሓወይ፡ "___________:" ኢሉ።
   ሀ. ማይ ጸሚአ   ለ. ማይ ጸሚኡኒ
4. ምስላ መልእ፡ "ተረኺብ _______ "።
   ሀ. ዓደዮ   ለ. ይዓድዮ
5. ክልተ _________ ኣብ ሆስፒታል ደቂሰን።
   ሀ. መዓልተ   ለ. ማዓልተ

ፍቱዋት ተማሃሮ፡ ምስ ፈተንኩም መልሲ ኣብ ታሕቲ ርኣዩ።

ግድል



ካብዞም ዝስዕቡ ኣየነይቲ እያ ትሰማምዖ፧



መልሲ፡ 1.ለ 2.ሀ 3.ሀ 4.ለ 5.ሀ

ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ብ1977፡ ኣሰፋሽ ሃብተ (ትዌና)፡ ሰማይነሽ ኪሮስ (ትሪንዳድ)፡ ጸገ ኣለም (ጭብ)፡ ከምኡ ከኣ ሽዑ ኣባል ህዝባዊ ምሊሻ ዝነበረት'ሞ ነዊሕ ከይጸንሐት ዝተጋደለት ኤልሳ ምልክየስ ኣብ ዛግር ኣብ ንእሽቶ ኩጀት ከቢብን ኮፍ ኢለን ብዛዕባ ሰውራዊ ተልእኾአን እናውገዓ እንከለዋ፡ እቲ ካብ 1973 ኣትሒዙ ንቢጋስ ሰውራ ኤርትራ ዝከታተል ዝነበረን ድሕሪ 1977 ሓላፊ ኣሃዱ ስእሊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኮይኑ ዘገልገለን ፈረንሳዊ ጋዜጠኛ ክርስትያን ሳባቲር (ናይ ገድሊ ስሙ 'ሂላል') ብወዚቢ ምስ ርእየን ኣብ ዓይኒ ካሜራኡ ከም ዘእተወን፤ ትዌና ኣብ 6ይ ወራር ምስ ጸላኢ እናተሓናነቐት እንከላ ካብ ኣፈርቲ ብዝተደርበየ ናፓልም ድሕሪ ምንዳዳ ብ13 ሚያዝያ 1982 ከም እተሰውአት፣ ኤልሳ ምስ ምዝላቕ ኣብ 1978 ናብ ገድሊ ከም እተሰለፈትን መውጋእቲ ርእሲ ከም ዘጋጠማን፣ ጸገ ጭብ ድማ ብ14 ሰነ 1984 ኣብ ምለዛናይ ምስ ብጾታ እንክላ ጸላኢ ሃንደበት መጥቃዕቲ ስለ ዝኸፈተሎም፡ ኣብ ግዛ ግባር ዝነበረ ዕጥቂ ናይ ብጾይታ (ጺጋ ዘርእማርያም) ኣብ ኢድ ጸላኢ ከይወድቕን እቶም ሰድራ ኣብ ሓዲጋ ከይኣትዉን ኢላ ካብ ብጾታ ተሪፋ ናብቲ ግዛ ጠኒና ከም ዝኣተወት፣ እንተኾነ ነታ ዕጥቂ ሒዛታ ክትወጽእ ክትብል ኣብ ኢድ'ቶም ንጺጋ ዘርእማርያም ሒዞም ኣብ ጥቓ መካቡብያ ናይቲ ግዛ ዝነበሩ ወተሃደራት ጸላኢ ከም ዝወደቐት፣ በዚ ከኣ ጸገን ጺጋን ንሓንቲ ዕጥቂ ከድሕና ክብላ ኣብ ቁጽጽር ጸላኢ ከም ዝኣተዋ ክቢብና ኣርና። ንሕጂ ድማ መቐጸልታኡ - ካልኣይ ክፋል ይሰዕብ፡ ሰናይ ንባብ–

- ቃልሲ ኣብ ሸላታት ኣስመራ

ጸገን ጺጋን ካብ ኢድ ማረኽተን ኣፍትዋንን ኈጸንን ክሃድማ'ኳ እንተ ፈተና፡ ኣይሰለጠንን። ንሶም ከኣ ህዝቢ ምእንቲ ክርእየን ብፈቓዶ ዝሓልፍዎ ዓዲ ዘወን የብሉወን ነበሩ። ኣብ ደቂ-ሽሓይ ኢደን ኩርንኩራት ተኣሲረን ክሓልፋ ዝረኣየወን ቀባር እምብዛ ሓዘኑ። ነዚ ዝረኣያ ኣደታት ቅኔ ልቕሶኦን ቀዩረን–

"እዋይ! እዋይ ኣበይ ድኣ ነይርም እቶም ደቂ'ኸ! ኣይ ኣይ. . ." እናበላ ኣልቀሳ።

ጸገን ጺጋን ከኣ፡ "ኣጆኽን ኣደታትና ክንምለስ ኢና። ንሕና ተታሒዝና ማለት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተደምሲሱ ማለት ኣይኮነን። ቃልስና ክዕወት'ዩ" ኢለን እናጨደራ መንገዲ ጽዓዘጋ ተተሓሓዝኦ።

ጸገን ጺጋን ኣስመራ ኣትየን ሰንሰለት ኣብያተ ማእሰርታት ክርተት በላሉ። ቃኘው ኣብ

ዛንታ ናይዛ ስእሊ

ዝነበራሉ እዋን ግዳይ ጽምኢ፡ ጽምዋ፡ ጥምየት፡ ትኻንን ቁንጪን ኮና። ቀጺለን ናብ ማርያም ግምቢ ብርክት ዝበላ መንእሰያትን ሽማግለታትን እሱራት ናብ ዝነበራሉ ሽላ ብፕዚያውነት ሰገራ። ፍሽሑው ኣቀባብላ ረኺበን ድማ ተሰፋ ኣንበራ።

ንጽባሒቱ ግን መከራ መርመራ ድኣ ቀጸለ። ኣካላዊ ኈጸን ግፍዕን ከምኡ'ውን ስነ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዘጠቓለለ መርመራ ንወርሒ መመላእታ ቀጸለ። ነዚ ተጻዊረን ምስጢር ውድብ ዓቂበን ድማ ናብ ቤት ማእሰርቲ ሓዝሓዝ ሰገራ። ኣብኡ ዝፈልጥኦን ተጋደልቲ ጸንሕኦን እሞ፡ ሰንበዳን ደገፍኦንን።

ድፍረት ተጋዳላይ ካብ መንፈስ ጸገን ጺጋን ኣይወጸን። ኣብ ካልኣይ መዓልተን ሓዝሓዝ ኣብ ምምሕዳር ናይ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ክምዝገባ ከለዋ፡ ብኹሉ ነገራቱ ምስ'ቶም ወተሃደራት ምርድዳእ ስኢነን ታዕታዕ በላ። እቶም ወተሃደራት ድማ ከም ግብረ መልሲ፡ "ቆማላት! ረሰሓት!..." በሉወን። መኣስ'ሞ ሰናፋት ኮይነን፡ "ምሳኹም ምስ ቀኾና ኢና ረሲሕና እምበር ጽሩያት ኢና መጺእና፡" ኢለን መለሳሉም።

ከይጸንሓ'ውን ኣብቲ ተሪፉ ዝነበረ መርበብ ምሩኻት ሰጠማ። እቲ መርበብ ክሳብ ኣብ ሰምበል ምስ ዝነበሩ ምሩኻት ደቂ ተባዕትዮ ተጋደልቲ ርኹብ ነበረ። ከም ኣብኡት፡ ሓደ ግዜ ኣብ ሰንበል ዝነበሩ ምሩኻት ተጋደልቲ ሕማም ውጽኣት ኣትዩዎም ተሸገሮም ነበሩ። ምሩኻት ተጋደልቲ ሓዝሓዝ ድማ፡ ነዚ ኣብ ምቅላል ዘውዕል ገንዘብ ብምስጢር ኣዋጺአን ብመንገዲ ጸገወይኒ ተምነዎ (ናይ ኮድ ስማ ኣልማዝ ጌታቸው) ከም ዝሰደድ ገበራ።

ጸገ ንቤት ማእሰርቲ ሓዝሓዝ ገና ጋሻ እንከላ፡ ሓደ መዓልቲ ሻምበል ሰሎሙን ኣሮን ብዝተባህለ ወተሃደር ተጸውዐት። ሻምበል ሰሎሙን ድሕሪ ሰላምታ፡ "እዛ መልእኽቲ ጾ ክትቅበልኒ፧" በላ። ጸገ ይፍትና ከይህሉ ሰጊኣ ምቕባል ኣበየት። "በጃኺ ዋላ ኣገዲዶኒ ትብሊ፧" ምስ በላ ግን ተቐበለቶ። እታ ደብዳበ ካብ ሜዳ ዝተላእከት ነበረት። ክጸንዓን ኩበርትዓን ተላብየ ድማ፡ ቀጻሊ ርኹብ ክህሉ ምኻኑ ቃል ኣተወት። ሕጂ'ውን ጸገ መልሲ ብመንገዲ ጸገወይኒ (ኣልማዝ ጌታቸው) ለኣኸት። ካብ ብጾታ ዝተላእከ መግብን ክዳንን ምስ ተቐበለት ድማ፡ ደብዳበኣ ከም ዝበጽሐ ኣረጋገጸት።

እዚ ግን ኩሉ ግዜ ጥጡሕ ኣይነበረን። ሓደ መዓልቲ ጸገ ምስ'ተን ንዝያዳ ሕክምና ዝኸዳ

ክትከይድ ተፈቒደላ፡ ብፍሉይ'ውን ሓለዋ ተገብረላ። ኣብቲ ሆስፒታል ሓንቲ ምስኣን ዝነበረት'ሞ ፍርዳ ወዲኣ ዝወጸት ሰብ ጸንሓተን። ንሓደ ካብ ሓለውቲ ትፈልጦ ስለ ዝነበረት፡ ሰላም በሉቶ'ሞ፡ ንብዓል ጸገ ሰላም ክትብለን ክፈቕደላ'ውን ሓተተት። እወታዊ መልሱ ድሕሪ ምርካብ፡ ንጸገ ሰላም ክትብላ ቤታ፡ ዓፊት ሓምድ ካብ ከረን፡ ለተብርሃን ጓል ቀሺን ለተንኪኤልን ካብ ከረን ኣብ ሓዝሓዝ ኣብ ዝነበራሉ እዋን ከም እተረሸና ይፈልጣ።

- ዳግማይ ልደት

ደርጊ ኣብ 1987 ክባቢ 60 ዝኾኑ ምሩኻት ተጋደልቲ ድሕሪ ምርሻኑ፡ መረረን ምዕዝምዛምን ዛይዱ ነበረ። እንተኾነ፡ ኑቲ ወረ ከም ሓሶት ንምጥቃንን ፖለቲካዊ መኸሰብ ተወልደ ዘርኣዝጊ (ወዲ ዘርኣዝጊ) ብ'ዓወት ንሓፋሽ' ተመርዕያ ናብ ናጻ ኤርትራ ኣተወት።

ጸገ ኣብ ናጻ ኤርትራ ንሓዳር፡ ስራሕን ትምህርትን ብማዕረ ኈየየትሉ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ብዓወት ዛዚማ፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ ብሰርተፍኬት ተመረቐት። ኣብ ምዉቕ ስድራ ኣርባዕተ ቀልዑ ወሊዳ፡ ደቃ ኣመርዕያን እኖ ሓጎ ኮነት። ነዛ ኣብ

1. ጸገ ኣለም (ጭብ) 2. ሰማይነሽ ኪሮስ (ትሪንዳድ) 3. ኣሰፋሽ ሃብተ (ትዌና) 4. ኤልሳ ሚልክየስ

እንክላ ብፕላስቲክ ዝተጠቕለለት ወረቐት ኣጨበጠታ። ጸገ ደብዳበኣ ኣብ ጁባኣ ተእቱ እምበር ካብ ምስትውዓል ዝተገብረላ ፍሉይ ሓለዋ ሓራ ድያ ኣይኮነትን ኣየረጋገጸትን። ቀድሚ ዝኣገረ ክትሸይን ፍቓድ ሓቲታ ድማ ናብ ዓይኒ ምድሪ ኣተወት። እታ ብፕላስቲክ ዝተጠቕለለት ወረቐት ኣብ ኢድ ዓጀብታ መታን ከይትወድቕ ከም ዘላታ ውሒጠታ። ኣብቲ ዓይኒ ምድሪ ብዘጸንሓ ረሳሕ ማይ ከኣ ጎርዳዕ ኣቢላ ኣውረደታ። በዚ መንገዲ'ዚ ኑቲ ብድሆ ምስ ሰገረት ድሕሪ ሳልስቲ፡ እታ ወረቐት ከም ዝነበረቶ ምስ ቀልቀላ ወጸት። ኣንቢጻ ኣንበበታ፣ ብመንገዲ ሓንቲ ነርስ ንሜዳ ዘራኽብ መስመር ተኸፊቱላ ድማ ቃልሳ ቀጸለት።

- በስላ

መንፈስ ጸገን ጺጋን ኣይከማህ እምበር ክንደይ መከራ ርእዩ እዩ። መካፍልቲ ሰቓይካ ዝሓሸ መጻኢ እናተጸበየ ካብ ጎንኻ ተወሲዱ ክርሸን እንከሎ ኣብ ህይወትካ ዝገድፎ በሰላ ዝሃስስ ኣይኮነን።

ጸገን ጺጋን ከም መምህር ህይወት (ሰለስተ ግዜ ዝተኣሰረት)፡ ወናኒት ባር ፍልፍል ዝነበረት ሓዳስ ሃይለ፡ ጸጉ ካብ ሰገነይቲ፡ ኣደይ ኤልሳ ተሰፋጋብርን ካልኦትን ከቢድ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን በደል ክወርደን ርእየን።

ንሰን፡ ከም ማና ሓጎስ፡ ሲስተር ሰማይነሽ ኣሰፋው (ነርስ መካነ ህይወት)፡ ኤልሳ ብርሃን ምስ ብዓል ንምርካበን፡ መንግስቲ ምሕረት እጉብር ከም ዘሎ ብመናፍሕ ኣወጀ። በዚ መንገዲ'ዚ ክሳብ 30 ዝኾኑ ምሩኻት ተጋደልቲ ተፈትሑ። ጸገን ጺጋን ግን ኣካል ናይ'ዚ ጉጅለ ክኾና ዝኸኣላ፡ ሰድርአን ብላዕ ሂቦም ስለ ዝጸዓሩለን ነበረ።

ወላዲ ጺጋ ጀነራል ዘርእማርያም፡ ንደርጊ ራሕሪሑ ናብ ሜዳ ወጺኡ ነበረ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብዓልቲ ቤቱ ካብ ኣስመራ ከይትወጽእ እግድቲ ነበረት። ጺጋ መላእ ናይ ማእሰርቲ ግዜኣ ጓል ጀነራል ዘርእማርያም ምኻና ከይተፈልጠት ምውድኣ ድማ ዓቢ ዓወት ነበረ። ጺጋ ካብ ማእሰርቲ ድሕሪ ምውጽኣ ናብ ኣመሪካ ቀጸለት። ኣብኡ'ውን ህይወታ ኣብ ምምራሕ ትርከብ።

ጸገ ድማ ሰሙን ድሕሪ ምፍታሓ፡ ኣባላት ደርጊ ናይ ኩተማ ኣባላት ህ.ግ. ተመሲሎም ኣብ መጻወድያ ከእትዉዋ ፈተኑ። እንተኾነ፡ ብጥንቃቐ ውጥኖም ኣበርዓንትሎም። ዋሕሳ ክሳብ ተውርድ ድማ እናተማህረት ህይወታ ቀጸለት። ኣብ 1988 ዋሕሳ ብዘውረደት ግን፡ ዳግማይ ናብ ሜዳ ተመሊሳ ገድላዊ ጉዕዞኣ ቀጸለት።

ኣብ ሜዳ፡ ናብቲ ኣቐዲማ ትሰርሓሉ ዝነበረት ክፍሊ ህዝቢ ኣይተመለሰትን። ኣብ ክንድኡ፡ ኣብቲ ሕጂ መበቆል ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ዝኾነ ክፍሊ 72 ተመደበት። ኣብ 1990፡ ምስቲ ቀድሚ ምምዳባ መዛምድታ (መፋቕርታ) ዝነበረ ተጋዳላይ ምምጽኣ ዓቢ ዋጋ ዝኸፈለትላ ሃገር ድማ፡ ኣባል ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ብምኻን ኣገልግሎታ ቀጸለቶ።

መዘኻኸሪ– እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ 2020 ብሶምሶም ብርሃ ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣገዳስነቱ ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተወሰደ እዩ።

— — — —

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
09:00	ሃገራዊ መዝሙር
09:05	ሃሎ ቆልዑ
09:40	ፓኖራማ
10:15	ጉዳይ ኣብ ዘተ
11:00	ለሰ ስፖርት
12:30	ዜና (ትግርኛ)
12:55	ሰነዳዊት ፊልም "ትም ምባል ስለዘመረጸ" 1ይ ክፋል
13:30	ዜና (ዓረብ)
13:50	መልሲ ኣብ መስመር
14:30	ናትራን
17:00	መሬትን ማይን ኣከባቢ
17:35	ሳይዳ
18:40	ደረትቃና
20:00	ዜና (ትግረ)
20:13	ፊልም ሕደጋት
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	ተክ ኢንሳይት
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:10	ሕዋራት
22:30	ዜና (እንግሊዝ)

ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ካብ ኬንያ ተመሊሳ

ካብ 21 ክሳብ 25 ጥቅምቲ ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኣንገደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ 2026 ዝተወዳደረት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ፡ ሓሙስ ምሸት ናብ ሃገራ ተመሊሳ።

ኣብቲ ናይ ምቕባል ስነ ስርዓት፡ ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ሓላፊ ሃገራውያን ፌደረሽናትን ኦሎምፒክን ጋራ ሎምፒክስን ኮ/ል ሰለሙን ስዩም፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ፈጻሚት ኮሚቴ ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክሊታ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተረኺቦም ሕቁፍ ዕንባባ ብምብርካት ምቕባሎም፡ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፌደረሽን ሓቢሩ።

እዛ ብዮናስ ዙርያስ ዝተመርሐት ጋንታ፡ ንመርሃዊ ቅዱሱ ናሆም ዘርኣይ፡ ዓወት ኣማኑ ሄብሮን ብርሃኑ ናታን መድሃኔ ኣብ ናይ ግልየቲ፣ ንያፌት ሙልጌታ፡ ሀያብ ሃብቶም፡ ሚሮን ምኮየኑ፡ ኤቨን የማነ ንፍታሌም ኤፍሬምን ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሐዛ ተወዳዲሩ።

ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር፡ ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት ብመገዲ ያፌት - ወርቂ መዳልያ፡ ኣብ ግልየቲ ብመርሃዊ - ብሩር መዳልያ፣ ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ድማ፡ ብመንገዲ ሄብሮን ተዓዋቲት ኑሓስ መዳልያ ምኻና ይፍለጦ።

ተሰነይ - ሻምፕዮን ክለባት ተዛዚሙ

ኣብ መንጎ ሸዱሽተ ጋንታታት ንሓደ ወርሒ ዝቐደድ ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ንኣስ ዞባ ተሰነይ፡ ብ25 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ ጋንታ ጋሽ ካብ መወዳድርታ ጸብለል ብምባል፡ ሻምፕዮን ብምዃን ሽሞንተ ሽሕ ናቕፋን ዓብይ ዋንጫን ተሸሊማ። ካልኣይቲ ጋንታ ኣዳል ተሸላሚት ሽዱሽተ ሽሕ ናቕፋ፡ ሳልሰይቲ ጋንታ ባርካ ተሸላሚት ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ኮይነን።

ኣብዚ ውድድር፡ ፎወዚ እድሪሰን ኣዶናይ ሚካኤለን ካብ ኣዳል፡ ብትሸዓተ ሽቶታት ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ ኮይኖም። ማጅድ ዓብደላ ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ከምኡ'ውን ሎቪ ኣቶብርሃን ብሉጽ ሓላዊ ልዳት፡ ማዕበል የውሃንስ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ኮይኖም። ኩሎም ካብ ጋንታ ጋሽ እዮም።

ብዘይካዚ፡ ኣብ መንጎ ተኻእቲ ጋንታታት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ጋንታ ስቲት ናይ ዲሲፕሊን ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ኣዳልን ባርካን ድማ፡ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወጺአን።

ምሉእብርሃን ኣፈወርቂ ካብ ስቲት ብሉጽ ተጻዋታይ ክብሃል እንከሎ፡ ሳብር መሓመድዓሊ ካብ ጋንታ ባርካ ከምኡ'ውን ሳዱር መሓመድ ካብ ጋንታ ስቲት፡ ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ ኮይኖም። ማእከለ ሻምባል ካብ ስቲት ብሉጽ ሓላዊ ልዳት ከምኡ'ውን ፊሊሞን ኪዳነ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ኮይኖም።

ጋንታ ኦሎምፒክ መንእሰያት ኣብ ኦሎምፒክ ዓለም ዳካር . . .

ካብ 31 ጥቅምቲ ክሳብ 14 ሕዳር፡ ኣብ ዳካር - ሴኔጋል ኣብ ዝኣንገድ ውድድር ኦሎምፒክ መንእሰያት 2026 እትሳተፍ ጋንታ ኦሎምፒክ መንእሰያት ኤርትራ፡ ናይ ምፍናው መደብ ተገይሩላ።

ኣብቲ ብሓሙስ 29 ጥቅምቲ ዝነበረ ስነ ስርዓት፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣህጉራዊ ውድድር፡ ስም ሃገር ዘጸውዕ ብሉጽ ወጽኢት ምምዝጋብ ትጽቢት ዝነበረሉ ምዃኑ ገሊጹ፡ ኩሎም ኣባላት ድማ፡ ብዲሲፕሊን ዝተሰነየ ተወዳዳርነት ብምዕባራቕ፡ ንዝጸንሐ ጽቡቕ ዓወታት ዝዕቅብ ወጽኢት ንምምዝጋብ ጻዕርታቶም ከሐይሉ ተላቢዩ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኣቶ ሚካኤል ተኽለሚካኤል፡ ኣሰልጠንቲን ኣትሌታትን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣካይዶም ብዘለዉ ምድላዋት ዝምስገን ተወዳዳርነት ብምርኣይ፡ ስሞምን ስም ሃገሮምን ንምጽዋዕ ከም ዝሰርሑ ድሉውነቶም ኣረጋጊጾም።

ንስለስተ ገዋይቲ ዝሓቝፈት ጋንታ መንእሰያት ኦሎምፒክ ኤርትራ፡ ኣብዚ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ንፈለማ እዋን ዝኣንገድ ዘሎ ዓለማዊ ውድድር፡ ኣብ ዓውዲ ኣትለቲክስ ብኣሰልጣኒ ኢሲያስ ኣሰፋው ተመሪሓ፡ ንትሰዕዋት ኣትለታት ካፍሪ ተኽለማርያምን ሳሙኤል ንጉሰን ኣብ 3000 ሜትሮ፡ ንዝብረኣብ የናስ ኣብ ውድድር 1500 ሜትሮ ብምስላፍ ክትጻወት ምዃና ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህሊን ስፖርት ሓቢሩ።

ጽቡቕ ዕድል!

ሮናልዶ - ናይ 2008 ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዝበለጸት ተባሂላ

ሮናልዶ፡ ናብ ሽሕ ሽቶ ቀሪቡ

ፖርቱጋላዊ ድንቂ ተጻዋታይ - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ "ናይ ኩሉ ግዜ ባሎን ዲ'ኦር" ንዝተባህለት ሽልማት ተዓዊቱሉ።

እዛ ብዑዳሊት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዝኾነት ፍራንስ ፉትቦል ንፈለማ ግዜ ዝጀመረት ሽልማት፡ ንደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ 'ናይ ኩሉ ግዜ ዕወት ባሎን ዲ'ኦር' ንምሕያር ዕድል ዝሃበት እያ።

ኣብቲ ምርጫ ዝተኻተቱ ክልተ ግዜ ዝተዓወቱላ 10 ተጻወትቲ - ኣልፍረዶ ደስቴፋኖ፡ ካርል ሩመኒጌ፡ ማርኮ ቫን ባስተን፡ ፍራንክ በከንባወር፡ ሚቸል ፕላቲኒ፡ ዩሃን ክሩፍ፡ ክሸን ኪጋኑ ሮናልዶ ናዛርዮ፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል ሜሲን ነይሮም።

ደገፍቲ ድማ፡ ካብ 1 ጥቅምቲ ክሳብ 27 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኸፍተ ድምጺ ናይ ምሃብ መቓን ግዜ፡ ሓንቲ ዩሮ ብምኽፋል፡ ምርጫኦም ተጻዋታይ ሓርዮም።

ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ከኣ፡ ኣብ 2007-08 ዝተዓወታ ባሎን ዲ'ኦር፡ ዝበዝሐ ድምጺ ብምርካብ "ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸት ባሎን ዲ'ኦር (Ballon d'or of all time BOAT)" ተባሂላ። "ኩዕሶ እግሪ ንደገፍቲ እዩ ዝበጽሖም። ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘለኹም ደገፍቲ ድማ ኣመስጊነኩም። እዛ ሽልማት ንዓኹም እያ።" ኢሉ - ሮናልዶ።

ኣብ 2007-08 ምስ ማን ዩናይትድ ዝነበረ ሮናልዶ፡ ጸዋኣት - ፕሪመር ሊግ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኤፍኤ ካፕ፡ ኮሙኒቲ ሺልድን ዋንጫ ክለባት ዓለምን ዓቲሩ። ብውልቁ 42 ሸቶታት ዘመዝገበን ሽሞንተ ናይ ሸቶ ዕድላት ዝፈጠረን ሮናልዶ፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ክኸውን እንከሎ፡ ዝበለጸ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ናይ ፊፋ ዝበለጸ ተጻዋታይን ካልእ ውልቃዊ ሽልማትን ዓቲሩ።

ኣብዛ ክሻዕ ኣፍልጦ ዝወሃብ ሽልማት ዘይብላ ንመጀመሪያ ግዜኣ ዝተጻወዐት ሽልማት፡ ናይ ሊዮኔል ሜሲ ናይ 2012 ሽልማት፡ ናይ ክሪስቲያኖ ናይ 2017፡ ናይ ሜሲ ናይ 2023፡ ከምኡ'ውን ናይ ሮናልዶ ናይ 2016 ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር፡ ብቕደም ተኸተል ክሳብ ሓሙሻይ ተሰሪዐን። ብሓፈሻ'ውን ክሳብ 10ይ ዘለዋ፡ ናይዞም ክልተ ተጻወትቲ እየን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እዚ ወዲ 41 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ሓሙስ ምሸት ሰለስተ ሸቶታት ብምቁጻር 'ሃትሪክ' ክሰርሕ እንከሎ፡ ጋንታኡ ኣልነስር ንኣል ክሆሉድ 5ብ3 ሰዒራታ። ክልተ ሸቶታት'ውን ካብ ጸወታ ወጻኢ (ኦፍ-ሳይድ) ዝተባህለኦ ሮናልዶ፡ በዚን ዘመዝገበን ሸቶታት ግና፡ ድምር ብዘሉ ሸቶታቱ ናብ 985 ኣዕሪጎም። ንዝሓልሞ 1000 ሸቶታት ክበጽሖ ከኣ፡ 15 ሸቶታት ጥራይ ይተርፎ።



ካፍ፡ ሓሳቡ ቀይሩ

ኮንፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ማለት ካፍ፡ ዋንጫ ኣፍሪቃ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝቐጸሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት ክሰላሰል ወሲኑ።

ካፍ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ፡ ዋንጫ ኣፍሪቃ ካብ 2028 ጀሚሩ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመታት ክቕጽል ምዃኑ ኣፍሊጡ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ መሳርሓዊ ረቛሒታት፡ ዳግማይ ሓሳቡ ብምቕያር፡ ከም ቀደሙ ኣብ ክልተ ዓመታት ክሰላሰል ምዃኑ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

በዚ ድማ፡ ኣብ 2026 ድሕሪ ምኪያዱ፡ ኣብ 2028፡ ከምኡ'ውን 2031 ክሰላሰል እዩ። 2030 ዋንጫ ዓለም ስለዘሎ እዩ፡ ናብ 2031 ተሰጊሩ።

መደብ ጸወታ

ሎሚ

*** ፕሪመር ሊግ ታሽዓይ ሰሙን**

ቸልሲ - ማን ዩናይትድ 3:30 ድ.ቀ
ቦርንማውዝ - ሊደስ 6:00 ድ.ቀ
ኮቨንትሪ - ሳንደርላንድ 6:00 ድ.ቀ
ማን ሲቲ - ብራይተን 6:00 ድ.ቀ
ብሬንትፎርድ - ኖቲንግሃም 6:00 ድ.ቀ
ሃል ሲቲ - ኢፕስዊች 6:00 ድ.ቀ
ቶተንሃም - ክሪስታል ፓላስ 8:30 ድ.ቀ
ኣስቶን ቪላ - ፉልሃም 11:00 ድ.ቀ

*** ሰሪኣ 10ይ ሰሙን**

ኡዲነዘ - ሮማ 8:00 ድ.ቀ
ኤሲ ሚላን - ኢንተር ሚላን 10:45 ድ.ቀ

*** ላ'ሊጋ መበል 11 ሰሙን**

ባርሴሎና - ዳፖርቲቮ ኣላቨስ 11:00 ድ.ቀ

ግምታት ክሪስ ሰቱንን ኮምፒዩተርን ኣብ ታሽዓት ሰሙን ግጥማት ፕሪመር ሊግ

	ቸልሲ - ማን ዩናይትድ	ቦርንማውዝ - ሊድስ	ብሬንትፎርድ - ኖቲንግሃም
ስቱን:	3 - 1	1 – 1	1 - 1
ኮምፒዩተር:	2 - 1	1 - 1	2 - 1
	ኮቨንትሪ - ሳንደርላንድ	ሃል - ኢፕስዊች	ማን ሲቲ - ብራይተን
ስቱን:	0 - 1	1 - 2	3 - 1
ኮምፒዩተር:	1 – 1	1 - 1	3 - 1
	ቶተንሃም - ፓላስ	አስቶን ቪላ - ፉልሃም	ሊቨርፑል - ማን ዩናይትድ
ስቱን:	2 - 0	3 - 1	0 - 1
ኮምፒዩተር:	2 - 0	2 - 1	1 - 2

ብዘይካ'ዚ፡ ኒውካስልን ኤቨርተን ኣብ ዘሻየዳአ ጸወታ፡ ስቱን - ኤቨርተን 2ብ1 ክትዕወት ክግምት እንከሎ፡ ኮምፒዩተር፡ ኒውካስል 2ብ0 ኢሉ።

ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

ሩስያ፡ ንኩባ እትገብሮ ደገፍ ቀጻሊ ምዃኑ ኣፍሊጣ

ፌደረሽን ሩስያ፡ ኣብቲ ኩባ ብኣመሪካ ንዝተወሰላ ቁጠባዊ ንግዳውን ፋይናንሳውን እገዳታት ንኽልዓል እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ዘለዋ ደገፍ ቀጻሊ ምዃኑ ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ቤት ምኽሪ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ ኩባ ብኣመሪካ ዝጸደቐ እገዳ ክልዓል ዘሕለፎ ውሳኔ፡ ሩስያ ብድጋፍ 130 ሃገራት ክድገፍ እንከሎ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ዝለዋኦ 17 ሃገራት ከኣ ነቲ ውሳኔ ከም እተቓወማኦ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ነቲ ኣብ ልዕሊ ኩባ ዝተወሰነ ዘይሕጋዊ ዝበሎ እገዳታት ብጽኑዕ ከም ዘይተቐበሎ ድሕሪ ምግላጹ፡ ህዝቢ ኩባ ብሰንኪ እቲ ዘይፍትሓዊ ዝበሎ እገዳታት ኣብ ኣፋፈት ምት ከም ዝርከብ ኣገንዚቡ።

እቲ ሚኒስትሪ ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ኩባ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ተደጋጋሚ ኣደራዕ ከይተዳህለ፡ ንሉኣላውነትን ናጽነትን ሃገሩ ከይተሓለለ ብምቅላሱ ሞጒሱ'ሎ።

ደ/ኮርያን ጀርመንን፡ ዝምድናኦን የደንፍዓ

ደቡብ ኮርያን ጀርመንን፡ ንኽልቲኣዊ ዝምድናኦን ናብ ደረጃ ስትራተጂያዊ ምሕዝነት ክብ ከም ዘበላኦ ኣፍሊጠን።

እዚ ዝተገልጸ፡ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ. ጃይ ምዩንግ ንቻንስለር ጀርመን ፍሪደሪክ መርዝ ኣብ ከተማ ሶል ተቐቢሉ ኣብ ዘራረበሉ እዋን እዩ።

ኣብ'ቲ ርክቡ፡ ክልተኦም መራሕቲ ኣብ ምድንፋዕ ቁጠባ፡ ጸዓት፡ ቴክኖሎጂ፡ ጸጥታን ምክልኻልን ዘተኮሩ ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ከቲሞም ኣለዉ።

ክልቲአን ሃገራት፡ ቁጠባዊ ዝምድናኦን ክብ ንምባል፡ ብዝተፈላለየ ቀረጽ ንግዳዊ ልውውጥ ከካይዳ ምዃነን ድማ ሓቢረን ኣለዋ።

ጀርመን፡ ኣቐዲማ'ውን ምስ ህዝባዊት ሬፓብሊክ ቻይናን ጃፓንን ተመሳሳሊ ስምምዓት ከም ዝፈረመት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሕ/ኤውሮጳ፡ 42 ሚልዮን በርሚል ነዳዲ ከም ዝዕድል ኣፍሊጡ

ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾና ሃገራት፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ኣዋርሕ፡ ካብቲ ኣብ ስትራተጂያዊ መኽዘናት ዘሎ ቅሙጥ ነዳዲ፡ 42.6 ሚልዮን በርሚል ክዕደል ኣቐዲሙ ንዝተወሰደ ውሳኔ ከቀላጥፋኦ ምዃነን ቃል ኣትየን።

ኮሚሽነር ጸዓትን ኣባይትን ሕብረት ኤውሮጳ ዳን ጆርገንሰን፡ እቲ ብሚኒስተራት ጸዓት ናይቲ ሕብረት ዝተወሰደ ናይ ምቅልጣፍ ውሳኔ፡ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ክህሉ ንዝኽእል ከቢድ መሳብር ዜጋታት ናይተን ሃገራት ንምቅላል ዝዓለመ ምዃኑ ኣብሪሩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ዘሎ ዋጋ ነዳዲ፡ ምስቲ ቅድሚ ምውላዕ ኩናት ኢራን ዝነበረ ዋጋ ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ35 ሚእታዊት ክብ ኢሉ ከም ዘሎ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት፡ ኣህጉራዊ ትካል ጸዓት፡ ብሰንኪ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝተወልዐ ግጭት ንዝተፈጥረ ዓለምለኻዊ ቅልውላው ጸዓት ንምቅላል፡ 400 ሚልዮን በርሚል ነዳዲ ክለቐቕ ምስምማዑ ይዝከር።

ብሳይበራዊ መጥቃዕቲ 6 ቢልዮን ዶላር ተሰሪቑ

ኣብቲ ብደረጃ ዓለም ኣብ ቅድሚት ዝሰርዕ ኣብ ምልውዋጥ፡ ምሻጥን ምዕቋርን ዲጂታላዊ ገንዘብ ዝጥፍ 'ቢናንስ' ዝተባህለ መድረኽ ብዘተኻየደ ሳይበራዊ መጥቃዕቲ፡ 6.3 ቢልዮን ዶላር ከም እተሰርቀ ተሓቢሩ።

ምስራቕ ናይቲ ልዑል መጠን ቅሙጥ ገንዘብ፡ ኣብ ታሪኽ እቲ ዝዓበየ ዝምታ ናይ 'ክሪፕቶ' ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ኣካየድቲ ናይቲ መድረኽ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን በቲ መድረኽ ዝቐየድ ዝኾነ ናይ ምእታውን ምውጻእን ንጥፈታት ንግዚኡ ደው ኢሉ ምህላዉ ኣፍሊጦም።

ንኡየም ወሲኾም፡ እቲ ዝተሰርቀ ገንዘብ ዓማዊል፡ ካብ ገንዘብ ናይቲ ትካል ከም ዝሽፈን ገሊጾም።

'ቲ.ኣር.ኤም.' ዝተባህለ ስሊያዊ ትካል፡ እቲ ሳይበራዊ መጥቃዕቲ፡ በቲ ኣብ ሰሜን ኮርያ ዝመደበሩ 'ትረይደር ትረይተር' ዝፍለጥ ጉጅለ ከም ዝተፈጸመ ሓቢሩ።

እቲ ስሊያዊ ትካል ወሲኹ፡ እቲ ብሰሜን ኮርያዊ ጉጅለ ዝተሰርቀ ዲጂታላዊ ገንዘብ፡ ኣብ ምፍራይ ኣጽዋርን ንኣህጉራዊ ጸጥታ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ኣብ ዝኽእል ንጥፈታትን ክውዕል ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

ብሰንኪ እቲ ዝምታ፡ ዋጋ 'ቢትኮይን' ብ5 ሚእታዊት ጎዲሉ ኣሎ።

ኣብ 2025፡ ብሰሜን ኮርያ ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ 'ጉጅለ ላዛሩስ'፡ ካብቲ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ዝመደበሩ 'ባይቢት' ዝተባህለ ተመሳሳሊ ዲጂታላዊ መድረኽ፡ 1.5 ቢልዮን ዶላር ሰሪቑ ምንባሩ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ ኣብ ዲጂታላውያን ናይ ገንዘብ መድረኻት ዝቐየድ ዘሎ ተደጋጋሚ ሳይበራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣውፈርቲ ኣብ'ቶም መድረኻት ዝለዎም ምትእምማን ኣጉዲልዎ ከም ዝርከብ ተዓዘብቲ ይገልጹ።

ሑቲ፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ መጥቃዕትታት ይቕጽል

የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ልዕሊ ትካላት ነዳዲ፡ መዕርፎ ነፈርትን ወተሃደራዊ መዓስከርን ስዑዲ ዓረብ ናይ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን መጥቃዕትታት ከም ዝቐየደ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ሑቲ ያሕያ ሳሪዕ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ሸዱሽተ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ናብ ስዑዲ ዓረብ ከም ዝወንጨፈ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይታ ሃገር ዝርከብ ክልተ ትካላት ነዳድን ኣብ ገማግም ባሕሪ እትርከብ ካልእ ትካል መጻረዩ ነዳድን ዒላማ ከም ዝኾና ኣዘኪሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ንገስ ኻሊድን ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ንገስ ፋህድን'ውን ዒላማ ናይቲ መጥቃዕትታት ምዃነን ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ዝተኻየደ ካልእ መጥቃዕቲ'ውን፡ ቁጽሮም ዘይተፈልጡ መኮንናት ዝርከቡዎም ወተሃደራት ከም ዝቐሰሉ፡ እቲ ኣፈኛ ሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕትታት፡ ግብረ መልሲ ናይቲ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሑቲ ዝርከቡ ከባብታት የመን ዝቐየደቶም መጥቃዕትታት ምዃኑ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ስዑዲ ዓረብ፡ ነቲ ሑቲ ኣብ ልዕሊኣ ኣካይደዮ ዝበሎ መጥቃዕትታት ኣመልኪታ ዛጊት ዝኾነ ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይሃበት፡ ናብ ከተማ ሪያድን ምብራቓዊ ግዝኣታን ዝተወንጨፈ ሰለስተ ሚሳይላት ግን ከም ዘርዓኖቶ ኣፍሊጣ'ላ።

ግጭት ስዑዲ ዓረብን ሑትን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት ኣትሒዙ እናሓየለ ምምጽኡ ይፍለጥ።

ኣብ 2014፡ ሑቲ ንጥና ከተማ የመን ዝኾነት ሰንዓ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ስዑዲ ዓረብ ነቲ ኣብ የመን ዝተወልዐ ኩናት ሓድሕድ ደው ንምባል፡ ንመንግስቲ ናይታ ሃገር ንምድጋፍ ኣብ 2015 ኣብታ ሃገር ወተሃደራዊ ጣልቃ ከም ዝኣተወት ጸብጻባት የመልክቱ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ሪህዋ	31/10/2026	ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን	119802

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565